
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.218 | ረቡዕ 13 ግንቦት 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3
ካብ በደላ ናብ ውሑስን ዘይውሑስን ገንዘብ





ገጽ 4
ዝኽሪ ዛዛሚ ኲናት



ገጽ 7
ምልክታ

ገጽ 9
ሕደገኛታት ዓሳ



ገጽ 11
ኣትለት ናትናኤል ሃብታይ፡ ካልኣይ ኣትዩ


# ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ ንምርግጋጽ ኣስታት 125 ቢልዮን ናቕፋ ወፍሪ ከምእተገብረ ተገሊጹ

ኣብ ሃገርና፡ ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ ኣብ ከተማን ገጠርን ንምስፋሕ ብዝተኻየደ ናይ ኣስታት 125 ቢልዮን ናቕፋ ወፍሪ፡ እቲ ሽፈነ ልዕሊ 85 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ ተገሊጹ።



ኣብ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሃብቲ ማይ ኢንጂነር መብራህቱ እያሱ ነዚ ዝገለጹ፡ ቀረብ ጽሬቱ ዝተሓለወ ዝስተ ማይ ኣብ ማሕበረ-ቁጠባዊ ምዕባለ ሕብረተሰብ መሰረታዊ ስለዝኾነ፡ ንምምሕያሹን ንምስፍሑን ኣብ ዝሓለፈ 35 ዓመታት ናጽነት ንዝተኻየደ ጻዕሪ ኣመልኪቱ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ'ዩ።

ኣብ 1991 ሽፈነ ቀረብ ጽሩይ ማይ ኣብ ገጠር ትሕቲ 7 ሚእታዊት፣ ኣብ ከተማ ድማ 30 ሚእታዊት ከምዝነበረ ዝጠቐሰ ኢንጂነር መብራህቱ፡ እቲ ቡምባ፡ መዐደሊ ነቑጣን ቦጥን ዘጠቓልል ኣገልግሎት፡ ኣብ ዓመት 2025/2026 ኣብ ገጠር ናብ 80 ሚእታዊት፣ ኣብ ከተማ ድማ ናብ 95 ሚእታዊት ክብ ከምዝበለ ብምሕባር፡ እቲ ሽፈነ ብዓድታት 57 ሚእታዊት፣ ብተጠቃሚ ህዝቢ ድማ 85 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ ገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ ልዕሊ 8,300 ካብ ዝበጽሓ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ትካላት ጥዕናን ህዝባውያን ትካላትን፡ እተን 65 ሚእታዊት ኣገልግሎት ከምዝረኽባ ኣፍሊጡ።

ንዓይነት ናይ'ቲ ተዋዲዱ ዘሎ 1,565 ስርዓት ቀረብ ማይ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ድማ፡ 675 ብናይ ኢድ ፖምፓ፡ 890 ድማ ብጸሓያዊ ጸዓት፡ ጀነሬተርን ኤለክትሪክን ዝሰርሓ ምዃነን ብምግላጽ፡ ሓፈሻዊ 2,775 ኪሎ-ሜተር ዝንዋሓቱ ሻምብቆታትን 2,760 መዐደሊ ነቑጣታትን ከምዝጠቓልል ኣፍሊጡ።

ኢንጅነር መብራህቱ፡ ብቐዓት ዝስተ ማይ ንምርግጋጽ ንዝሰላሰል ስራሕ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ 12,290 ቀምሶታት ቀመማውን ህይወታውን መርመራታት ከምእተኻየደ፣ ዓመታዊ ብወሓይዝ ዝኸይድ ጻዕቂ ደብነት ንምፍላጥ ኣብ 1997 ዝተዋደደ ላቦራቶሪ ድማ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ይገብር ከምዘሎ ብዝርዝር ኣረዲኡ።

# ዓለም-ለኻዊ መዓልቲ ነርሳት ተዘኪራ

12 ግንቦት - ዓለም-ለኻዊ መዓልቲ ነርሳት፡ "ነርሳትና መጻኢና፣ ብቑዕ ፍልጠት ዝዓጠቑ ነርሳት ህይወት የድሕኑ!" ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ሃገር ንፈለማ እዋን ኣብ ኣስመራ - ኣዳራሽ ሆስፒታል ኦሮታ ተዘኪራ።

ፕረዚደንት ማሕበር ነርሳት ኤርትራ ኣቶ ኤፍረም ዝብኣይ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሃገርና ኣብ ምንካይ ሞት ኣደን ዕሸልን ከምኡ'ውን ኣብ ምጥፋእ ብክታቡት ክንከላኸሎም እንኽእል ሕማማት ተመዝግቦ ዘላ ዓወታት፡ ውጽኢት ጻዕሪ ናይ ኩሎም ሞያውያን ጥዕና'ኳ እንተኾኑ፡ ብቐንዱ ግን ፍረ ዘይሕለል ጻዕሪ ነርሳት ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣቶ ኤፍረም ኣስዒቡ፡ መንግስቲ ኣብ ዕብየት ሞያ ነርስ ክገብሮ ብዘጸንሐ ወፍሪ፡ ካብ ደረጃ ሰርቲፊኬት ናብ ቀዳማይ፡ ካልኣይን ሳልሳይን ዲግሪ ተሰጊጉሩ ምህላዉ ብምጥቃስ፡ በዚ መሰረት - ነርሳት ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብፍሉይ ዓውድታት ማለት ሕክምና ስነ-ኣእምሮ፡ ዓይኒ፡ መወልዳን፡ ሕክምናዊ ምድንዛዝን ጽዑቕ ክንክንን እናሰልጠኑ፡ ዓንዲ-ሕቘ ሆስፒታላት ኮይኖም ምህላዎም ኣብሪሁ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ታሪኽ ትምህርቲ ነርስ ኣብ ኤርትራ፣ ባህርያት ብሉጽ ነርስ፣ ሽጹሽተ ግቡኣት ፍወሳ፣ ከምኡ'ውን ነርስ ከም ሞያ ኣብ ዝብል ኣርእስታት መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ክቐርብ ከሎ፡ ገዳይም ነርሳት ድማ ተመክሮኦም ኣካፊሎም።

ማሕበር ነርሳት ኤርትራ፡ ኣብ 1992 ዝተመስረተን ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኣባላት ዝሓቑፈን ሞያዊ ማሕበር'ዩ።

ዓለም-ለኻዊ መዓልቲ ነርሳት፡ ብደረጃ ዓለም ንመበል 52 ግዜኣ ትዝከር ኣላ።



ስእሊ ዙቤር ስዒድ

# ተጋዳላይ ገብረኤል ካሕሳይ (ጅብሪል) ተሰዊኡ



ኣባል ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ጨንፈር ዞባ ደቡብ - ገዲም ተጋዳላይ ገብረኤል ካሕሳይ ተኽለ (ጅብሪል)፡ ብ10 ግንቦት ኣብ መበል 69 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ ወርሒ ሰነ 1975 ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ገብረኤል፡ ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ - ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት፡ ኢደ ስራሓትን ኮሚሽን ስንቅን፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ኮሚሽን ረዲኤት ስደተኛታት ኤርትራ፡ ካብ 2004 ክሳብ ዕለተ መስዋእቱ ድማ ኣባል ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ደቡብ ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሓላፍነት ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ'ዩ።

ስውእ ገብረኤል ካሕሳይ (ጅብሪል)፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ ሓሙሽተ ደቅን'ዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ብ11 ግንቦት ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ደቀምሓረ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ጨንፈር ዞባ ደቡብ፡ ብመስዋእቲ ገዲም ተጋዳላይ ገብረኤል ካሕሳይ (ጅብሪል) ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብል።


ጽንዓትና ዋሕስና! !صمودنا... ضماننا
OUR RESILIENCE: OUR GUARANTEE!

# መትከል ኣቤት - ንጥፈታት ስነ-ጥበብን ስንዓን ክድፋኣሉ መተሓሳሰቢ ቀሪቡ

ኣብ መትከል ኣቤት፡ ኳኺ-ኳኺ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ዘካየድ ንጥፈታት ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን ከምኡ'ውን ምህዞን ስንዓን፡ ብቑዓት ተመሃሮ ንምፍራይ ደራኺ ተራ ስለዘለዎ ብዝሓየለ ክድፋኣሉ መዞኻኸሪ ቀሪቡ።

ርእሰ-መምህር ቤት-ትምህርቲ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ስዉእ ኢብራሂም ዓፋ - መምህር መሓመድ እድሪስ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ዓመታዊ ዘካየድ ቅነ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ብቑዓትን ተወዳዳርነትን ተመሃሮ ንምፍታሽ፡ ከምኡ'ውን ባህልን ኩብርታትን ሕብረተሰብ ንምስራጽ ኣበርክቶ ከምዘለዎ ኣረዲኡ።

ኣብ ምምሕዳር ኩባቢ መትከል ኣቤት እትርከብ ቤት-ትምህርቲ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ስዉእ ኢብራሂም ዓፋ፡ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ ማእከላይ ደረጃ ዝመሃሩ 48 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከባኦም ልዕሊ 1,100 ተመሃሮ ኣለዉዋ።



# ማይ-ምነ - ሓረስቶት ተጠቃምነት ባህርያዊ ድኹዒ ንምስፋሕ ይነጥፉ ኣለዉ

ሓረስቶት ንኡስ ዞባ ማይ-ምኒ፡ ኣብ ከባቢኦም ዝረኽብዎ ጺጋታት ተጠቒሞም ባህሪያዊ ድኹዕን ጸረ-ባልዕን ኣብ ምድላው ብንጥፈት ይዋስኡ ከምዘለዉ ተሓቢሩ።

ኣብ ምም/ከባቢ ዓዲ-ጭግና ዝነጥፉ ሓረስቶት፡ ንዝተዋህቦም ስልጠና መሰረት ብምግባር፡ ተረፍ ምህርቲ፡ ቀልቀል እንስሳታት፡ ዘቤታዊ ጐሓፋትን ካልእን ተጠቒሞም ኣብከታዊ ተበግሶ ይወስዱ ከምዘለዉ፡ ክኢላ ሓለዋ ጥዕና ብቑሊ ኣቶ ዜናዊ ዘካርያስ ሓቢሩ።

ባህርያዊ ድኹዒ፡ ፍርያምነት ሓመድ ብምዕባይ ሕርሻዊ እቶት ንምስሳን ልዑል ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ ዝገለጸ ኣቶ ዜናዊ፡ ሓረስቶት ክደፍኡሉ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ማይምነ ሌተናል ኮሎኔል ኣብርሃም ሃይለ፡ ምድላውን ምጥቃምን ባህርያዊ ድኹዒን ባህርያዊ ጸረ-ባልዕን ካብ ዓበይቲ መደባት ሚኒስትሪ ሕርሻ ምዃኑ ጠቒሱ፡ ኣብከታውያን ሓረስቶት ዓዲ-ጭግና ንዝወሰድዎ ኣብከታዊ ተበግሶ፡ ካልኦት'ውን ክስዕብዎ ተላብዩ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቀ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቀ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቀ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም   ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ   ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣደም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቀ.ስ.113395-07588045

ምልክታ

ቀ.ስ 125013 - ቀ.ሳ.ጶ. 1284

# ጋላ-ነፍሒ - ንኣባላት ሓይልታት ምክልኻል እንግዶት ተገይሩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ፡ ነበርቲ ዝጐብ ኣብ ከባቢኦም ኣብ ልምዓታዊ መደባት ንዝተዋፈሩ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ብ10 ግንቦት ናይ ምሳሕን ምዝንጋዕን እንግዶት ገይሮም።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ወኪል ምምሕዳር ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ተስፋስላሴ ወልዱ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሕድሪ ሰማእታት ንዘተግብሩ ዘለዉ ጀጋኑ ሓይልታት ምክልኻል ብምምጓስ፡ ህዝቢ ዓቕሚታቱ ኣወሃሂዱ ዝገበሮ እንግዶት፡ መርኣያ ሓበሩን ደገፉን ከምዘኾነ ገሊጹ።

ኣዛዚ ብርጌድ ተለንተ ይብራህ ጨዓይ ብወገኑ፡ ኣብ ሕቝፌ ህዝቦም ማማቒም፡ ጕጺ-ጕጺ ምውሓስ ልኡላውነት ሃገር፡ ቡበከባቢኡ ንዝሰላሰል ዘሎ ዕማማት ልምዓት ንምዕዋት ድሉዋት ምዃኖም ኣረጋጊጹ።

ህንጻት ዲጋ ዝጐብ ዝከታተል ዘሎ - ኣባል ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት ዞባ ማእከል ኢንጂነር ብንያም ሃይለ ብወገኑ፡ እቲ መስርሕ ኣብ መፋርቕ ወርሒ ሚያዝያ 2026 ከምዝጀመረ ብምሕባር፡ ምስ ተዛዚመት ልዕሊ 190 ሽሕ ሜትሮ ኩቦ ናይ ምሓዝ ዓቕሚ ስለዝህልዋ፡ ንሰብን ጥሪትን ከምእተገልግል ኣፍሊጡ።

እቲ ናይ እንግዶት መደብ፡ ብባህላዊ መሰናድኦ ደሚቑ ነይሩ።

# ጊንዳዕ - ዓቕሚ መምህራን ንምብራኽ ስልጠና ተዋሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ፡ ዓቕሚ መምህራን ኩብ ንምባልን መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ብውጥን ንምትግባርን ዝሕግዝ ስልጠና፡ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ንዘምህሩ መምህራን ተዋሂቡ።

ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ሱሌማን ማሕሙድ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ንኣገዳስነት ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ኣብ ኣተኣላልያን ምዅስኳስን ህጻናት ብምጥቃስ፡ ኣብኦም ዘተኰረን ናብ'ቶም ካልኦት መምህራን ዝዘርጋሕን ስልጠናታት ምውዳብ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ሓላፊት ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ መምህር ጀሚላ ሓሰን ብወገና፡ ኣብ ዓመት-ትምህርቲ 2025/2026 ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ኣተኲሮ ብምግባር ንኣስታት 90 መምህራን ቅድመ-ትምህርቲ ስልጠና ከምእተዋህበ ብምሕባር፡ ቡቦግዜኡ ዝውደብ ብጕብርን ክልሰ-ሓሳብን ዝተሰነየ ስልጠናታት፡ ዝምስገን ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ ኣረዲኣ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ 27 ናይ ቅድመ-ትምህርቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣለዋ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ኣብ ኩብርታት ሞያ ምምህርናን መምህራንን ዘተኰረ ኣስተምህሮ፡ ብ5 ግንቦት ን120 መምህራን ተዋሂቡ።

እቲ ኣስተምህሮ፡ ሞያዊ ኩብርታት ንምስራጽ ዝዓለመ'ዩ ነይሩ።

# መንሱራ - ተጠቃምነት ኣብ ትካላት ጥዕና ዕብዩት ኣርእዩ

ኣብ ንኡስ ዞባ መንሱራ፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ እናበረኸ ብምምጻኡ፡ ተጠቃምነቱ ኣብ ትካላት ጥዕና ዕብየት ከምዘመዝገበ ተገሊጹ።

ወኪል ማእከል ጥዕና ንኡስ ዞባ መንሱራ ተሓጋጋዚ ነርስ ዑስማን እድሪስ፡ ካብ ምምሕዳራት ኩባቢ ማንታይ፡ ዓድ-ዒሳን ዓድ-ሽሪፍን ንዝመጽኡ ዜጋታት ኣገልግሎት ከምዝህቡ ብምጥቃስ፡ ዝምስገን ናይ ባህሪ ለውጢ መጺኡ ከምዘሎ ኣፍሊጡ።

ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ንኡስ ዞባ መንሱራ ነርስ ከሱተ ሰለሙን ድማ፡ እቲ ኣገልግሎት እናሰፍሐን እናማዕበለን ብምምጽኡ፡ መጠን ኣብ ትካላት ጥዕና ዝሓርሳ ኣዴታት ናብ ልዕሊ 72 ሚእታዊት፣ ክንክን ቅድሚ ሕርሲ ናብ 99.3 ሚእታዊት፣ ሽፈነ ክታበት ድማ ናብ 99 ሚእታዊት ከምዘበረኸ ሓቢሩ።

ነርስ ከሱተ ኣብ መወዳእታ፡ ኣገልግሎት ጥዕና ንምስፋሕን ሕጽረታት ንምምላእን ኣብ ዘካየድ ጻዕሪ ሕብረተሰብ ኣበርክቶኡ ከሐይል ተላብዩ።

ኣብ ንኡስ ዞባ መንሱራ፡ 4 መደበራት ጥዕናን ሓደ ማእከል ጥዕናን፡ ከምኡ'ውን ኢጋር ሓካይም ኣለዉ።

# ጋሽ-ባርካ - ስፖርታውን ባህላውን ቅነ ኣብያተ-ትምህርቲ ተኻዪዱ

ስፖርታውን ባህላውን ቅነ ኣብያተ-ትምህርቲ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ካብ 9 ክሳብ 11 ግንቦት ብልዑል ድምቀት ኣብ ባረንቱ ተኻዪዱ።

ኣብ'ዚ "ውሁድ ዕዮ ንብቑዓት ትምህርቲ" ብዝብል ቴማ ዝተኻየደ ቅነ፡ ካብ 16 ንኡሳን ዞባታት ዝተዋጽኡ ኣስታት 800 ተመሃሮን 350 ኣለይትን መምህራንን ተሳቲፎም።

ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣወሃሃዲ መደባት ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን መምህር ሰለሙን ተኽለሃይማኖት ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ቅነ ምስ ቅንያት ናጽነት ምኽያዱ፡ ኣብ ምዅስኳስ ኩብርታት ልዑል ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ንድምቀቱ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣመስጊኑ።

እዚ ቁሸት ትምህርቲ፡ ባህላዊ ውድድራት፡ ትምህርታዊ መደባትን ስፖርታዊ ግጥማትን ዝሓቘፈ ቅነ፡ ዝተፈላለየ ክእለትን ተውህቦን ዘለዎም ተመሃሮ ዝልለዩሉን ናይ ተወዳደርነት መንፈስ ዘዕብዩሉን ባይታ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢ - ተራ ወለዲ፡ ኣለይትን መምህራንን ክሕይል ኣዘኻኺሩ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ኣቶ እድሪስ ሳልሕ ብወገኑ፡ ቅነ ኣብያተ-ትምህርቲ ከም ኣካል ኣካዳሚያዊ ስርዓተ-ትምህርቲ፡ ብደረጃ ኣብያተ-ትምህርትን ንኡስ ዞባን ተወዳዲሮም ዕዉታት ዝኾኑ ተመሃሮ ዝሳተፍዎ ስለዝኾነ ዓቢ ኣገዳስነት ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ንምድንፋዑ ውህደት መሻርኽቲ ኣካላት ክሕይል ተላብዩ።

ግርማይ ወልደግዮርጊስ (መንከኒኖ)
(9ይን መወዳእታን ክፋል)

## መሪር መስዋእቲ ጽባሕ ናጽነት

ከዋኽብቲ ንሊዩቲ ሕሉው ሓዳርጥ፡ ስርሖም ንጹሓይ ኣረከብዎ፡ ከም ኣብ ሓለዋ ዝሓደረ ዋርድያ ንመዳቕሶኦም ተዓዘሩ። ሰዓት ትሸዓተ ቀትሪ ኮኑ፡ ክልተና ኣሕዋት ብሓደ ተንሳእና። ድሕሪ ቁርሲ፡ እቲ ቅድሚኡ መዓልቲ ዝጀመርኩዎ ዑደት ናብ መሸገራገር ኣስመራ ክቕጽሎ፡ ንሓፍተይ "ብሩኽ መዓልቲ" ኢለ ካብ ገዛ ወጺኤ። ኑቲ ምሳይ እንተኸደ ተጋዳላይ ዝኾነ ኮይኑ ዝሰመየ ሓወይ ሐዘ ኣብቲ ንቤት ትምህርቲ ካምቦንን ቤት ትምህርቲ 'ቀሻሽን (ሎሚ ቀይሕ ባሕሪ) ዘዋስብ ጎደና በጺሕኩ። ብዋዕዶ ካብ እንዳ ቅዱስ ሚካኤል ቤተ ክርስትያን ኣኩባት ሰባት ክመጽኡ ተዓዘብኩ። ኣቓልቦና ስለ ዝሰሓቡ ድማ ኩነታት ንምፍላጥ ብሓውሲ ዘበዘበ ናብኦም ሰጎምና። ኑዩም ንቓልቀል ዘወርዱ ዝነበሩ ሰባት ኣብ ኣፍደገ ቤት 'ቀሻሽ' ተጸቢናዮም።

ፈለማ መሪሖም ዝመጹ 40 ዝኾኑ ብሽክሌታ ተወጢሖም ዝመርሑ ኮይኖም፡ ገለን ብዕድመ ደፋእ ዝበሉ በራሓት፡ ውሑዳት ካብኦም ንብርሖም ንምኽዋል ቆብዕ ዝገበሩ፡ ገለ ከኣ ሰለስተ ርብዒ ናይ ጸጉሮም ሽበት ዝተቐጻጸሮ ነበሩ። ብድሕሪኦም ግርማ መገሻ ዘሰልም ኣልባሳት ካህናት ዝገበሩ መሪሕቲ ሃይማኖት፡ መስቀልን ዝተኻኽ ዕጣንን ሐዞም ንጽማ ጹጋም እናሰለውለዉ፡ ክልተ ድማ ከበሮ ካህናት እናደሰቑ ትሕቲ 25 ዓመት ዝዕድመኦም ደቀንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን መንእሰያት እውን ጻዕዳ ክዳውንቲ ደቂቦት ተኸዲኖም "እሰይ እሰይ ማርያምና! ተኣኻኺብና ንሰንበልና!" እናበሉ ሐዘምዎ ንዝበሩ ሰዩ የውዛውዝዎ ነበሩ። ድሕሪኦም፡ ባህላዊ ክዳውንተን ዝተኸደና፡ ገለኣን ካብ ጸሓይ ንምኽዋል ጽላል ዝሓተራ ኣደታት ሰዓቡ። "ኪዳኑ ምህረት ዝፈተውቶ ኣኻኺብ የእትያቶ" እናበሉ ብሕገሰ መንፈስ ይደርፉ ነበሩ።

እዚ ፍቕሪ ናጽነት ዝገልጽ ቅዱስ ጉዕዞ፡ ናበይ ገጹ'ዩ ንምፍላጥ ንሓደ መንእሰይ ቀረብ ተወከስኩዎ። እቲ መንእሰይ ንሓደ ተጋዳላይ ዝዋዕእ ክብሪ እናሃበ "ንኪዳነ ምህረት ሰንበል ዝኸይድ መንፈሳዊ ጉዕዞ'ዩ" በለኒ። ኣልግዞ ኣቢለ ድማ "ዕላማኡ እንታይ'ዩ፧ በልኩዎ።

"ዕላምኡ'ዶ፡ ኪዳነ ምህረት ብሓይላን ብሓይሊ ውሉዳን፡ መከራና ቅንጥጥ ኣቢላ ኑዩም ምእንቲ እዛ ሃገር ክቃለሱ ዝጸንሑ ተጋደልቲ፡ ደገምሲ ይኣኽለኩም ዓድኹም እተው ስለዝበለት፡ ንኣናን ንኣስመራን ድማ ብዘይ ምሽንጣፍን ህልቂትን ብሰላም ናይ ዘጽንሓትና ምስጋና ንምግላጽ እዩ" ክብል ልቢ ዘረስርስ መልሲ ሂቡኒ ናብ መዝሙሩ ኣተወ። ኣነን ሓወይን ድማ ነቲ ቅዱስ ጉዕዞ እዚ ተጸንበርናዮ። ኣብ ሰንበል ምስ በጻሕና፡ ንሕና ካብቲ ቀንዲ ጸርግያ ንጸጋምን ተጠዊና፡ ናብቲ ዘንቀለና ማለት ናብ ናይ ቀረባ ቤተሰብና ቤት ኣበልና።

ኣብ ክባቢ ቤት ማእሰርቲ ሰንበል ምስ በጻሕና፡ ኣብቲ ቀጽሪ ፋሕፋሕ ዝበለ መዛግብ ቤት ማእሰርቲ ረኺብና። ንሓንቲ ካብኣን ኣልዒለ ገንጺለ ከንብብ ጀመርኩ። እቲ መዝገብ - ስም - ስም ወላዲ - ደረጃ ትምህርቲ፡ ድሕሪ ምሕባር ዝተፈርዱ

# ዝኽሪ ዛዛሚ ኩናት
## ጉዕዞ ኣሃዱና ናብ ኣስመራ


ምሩኻት ወተሃደራት ኢትዮጵያ ኣብ ቅንያት ናጽነት

ዓመታት ይጠቕሱ። ካብቲ ብዙሕ ንሓንቲ ገጽ ወረቐት መዝገብታ ክትትሒ ወሰድኩ። ኣስሙቶም ሽዑ ኣብቲ መዝገብ ዝጸንሑ፡ እሱራት ነበር ኤርትራውያን ሽዑ ይኹን ሕጂ ብህይወት ይሃልዉ ኣይሃልዉ - እዚኢ ዋናኦም። ንሶዮም፥

1. ፍትዊ ኣብርሃ ኪዳነ፣ 10ይ ክፍሊ፣ ዕደመ 20፣ ፍርዲ - ዕድመ ልክዑ።
2. ኑረዲን ሰይድ ኣሕመድ፣ 9ይ ክፍሊ፣ ዕድመ 22፣ ፍርዲ - 2 ዓመት።
3. ሚካኤል ገብረሂወት ኪዳነ፣ 10ይ ክፍሊ፣ ዕድመ 21፣ ፍርዲ - ዕድመ ልክዑ።
4. ልዑል ገብረእግዚኣብሄር መርሻ፣ 5ይ ክፍሊ፣ ዕድመ 36፣ ምሩኽ።
5. ክብረኣብ ኪዳነ ወልደሚካኤል፣ 5ይ ክፍሊ፣ ዕድመ 45፣ ምሩኽ።
6. ያሲን ኣሕመድ፣ 8ይ ክፍሊ፣ ዕድመ 23፣ ቆጸራ።

ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ህዝቢ ኣስመራ ድማ ብፍላይ፡ መስፈርን መቐጸርን ዘይርከቦ ንታሪኽ ዝኸብድ ግፍዓት ዝተጻወረ እዩ። ናጽነት ምስ ኮነ ብልዕን መስተን ከይዘከረ፡ ድኻሙ ከይጸብጸበ፡ ናብራኡ ከይረኣየ፡ ልዕሊ ሰሙን ዝቐጸለ ሓጎስን ደስታን ከኣ መደብስታ ናይቲ ዝሓለፎ ጸለም መከራ እዩ ዝነበረ።

ንቑሩብ መዓልታት ኣብ ኣስመራ፡ ኣሃዱና ብርጌድ 35 ክፍሊ-ሰራዊት 88 ብ29 ግንቦት ናብ ከረን ግዲዛ ብምንባሩ፡ ንኸርክብ ናብኣ ኸኸስኩ። ኣሃዱና ኣብ መጋርሕ ዝተባህለ ቦታ ኑዩም ዓሰርተታት ኣሽሓት ምሩኻት ወተሃደራት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ሓለዋን ምስ ዝምልከቶም ብምርድዳእ ብዑዲ ቀይሕ ኣብሎም ናብ ዓዶም ከምዝምለሱ ኣብ ምጥርን ተጸሚዳ ጸንሓትኒ።

ኣብዚ'ውን ንመዓልታት ጸናሕና። "ድሕሪ ደገም ውግእ ኣብቂዑ ልዑላውነት ኤርትራ ተረጋጊጹ'ዩ። ስለዚ ጠበናጅናን መዳፍዕናን ወይ ንምሕረሻ ወይ ንኣፍራዛ ኮይኑ ምልእ ብምልእ ናብ ልምዓት ክንወፍር ኢና። እዚ ዝቐውም መንግስቲ ድሙ ንኸልና ክሕዘና ስለዘይክእል፡ ከምቲ ቀደም ቀልዑ እንከለና ትጽወት ኣምሲና "ጉዛዞኹም ከዱ ሓዊ ኣጓጉዱ" ብምባል እንፈላለዩ ዝነበርና፡ የፋንወና'ሞ ዋእ ዝጸንሓናን ዝገጠመናን ንኸውን" ዝብሉን ካልኦትን ባዕላዊ ጉዳያት ኣልዒልና ብዘይምስለና ኣብ ምትንታንን ክትዓትን ግዜና ነሕልፎ ነርና።

ሓደ ምሸት ኣብ ቅድሚ'ቲ ዝነበርናዮ ቦታ መካይን መጺኣን ኩደም በሉ። "እንታይ ዝኾና ደኣለኹ" ምስ በልና፡ ንብረት ክንጠራንፍን ንጉዕዞ ክንዳሎን ተነገረና። ብምጡ ምስ ፍቕሪ ከተማ ተማሓዚና ብምቕናይና፡ ናብ በረኻታትን ገጠራትን ምኻድ ቁጨውጨው ክብለና ጀማመረ።

ንጉሆ 30 ግንቦት ጉዕዞ ናብ ጋሽ ባርካ ምስ ኮነ ብርጌድና ብርጌድ 35/88 ዕድላ ኮይኑ ንሓለዋ ዶብ ዝተመዘዙ መሰለና'ሞ ኣብዝ ብርጌድ ምምዱባና መርጎም ክንቆጽሮ ጀመርና። ብርግጽ ናበይን ንምንታይ ዕላማን ንኸይድ ከምዝለና፡ እንተላይ እቶም ናይ ቀረባ ሓለፍትና'ውን ዝፈልጡ ዝበሩ ኣይመስለኝን። ብዝኾነ ትጉዕዞ ወዲልና ባረንቱ ሓሊፍና ተኾምቢያ ሓደርና። ድሕሪ ሳልስቲ ናብ ኣውጋሮ ግዝኡ። ኣብ ኣውጋሮ ቀዋሚ ቦታ ብዘምሰል ንበር ገድላዊ ሰራሕና ቀጸልና። ኣብ ኣስመራ፡ እምባደርሆን ከረንን ኣብ ዝነበርናሉ፡ ገለ ወለዲ ናይ ኣባላትና፡ ምስ ደቆም ተላዚቦም ሕጸ ቆጸርም ከይደምዩም። ስለዚ ዝጠዘሉ ካቦና፡ እቲ መድረኽ ንመርዓን ደርዓን ዝሾኾኾቡሉ እዋን ብምንባሩ ናይ ዝጠዘለ ተጋዳላይ ኣጠማማታን ሕልናን ናብዚ ሓደሽ ዕማም ምምስራት ሓዳር ዘቋምት እዩ ነይሩ።

ኣውጋሮ ምስ በጻሕና፡ ካብና ተፈልዮም ዝተንቀሳቐሱ ሰለያ ብርጌድና ኣብቲ ቦታ ጸንሑና። ስራሕ ናይዞም ሰለያና፡ ኣብ ከባቢታት ኣውጋሮን ማይደሽግልን ኣንቶረን ካልኦት ቦታታትን ከሰላ ምኽያድ ነበረ። እዚ ቦታታት'ዚ፡ ካብ ቀደም ካብ ጥንቲ ሽፋቱ ዘይፍለይዎ ቦታ ብምንባሩ፡ "ገለ ደኾን ሽፋቱ ገርገርም ንህዝቢ ድቃስ ከለኣሙዎ'ሞ፡ ንእኦም ንምዕጋስ ተደልዩ ኮይኑ" ኢልና ገመትና።

እንተኾነ ግን ደሓር ከምዝተሓበረና፡ ኣስታት ሓደ ሚእቲ ዝኾኑ ናይቲ ኣብ ሱዳን ዝመደበሩ ናይ ጀሃድ ምንቅስቓስ፡ ኑቲ ንሕና ተሰዊእና ብድሕሪና ዝሓደግናዮ ሓራ ቦታታት፡ ካብ ከሰላ ተበጊሶም ብማስመር ጎልጅ ኣምሓጀር፡ ብሶመናይት ኣቢሎም ናብ መንገላ ብምድያብ፡ ናብ ኤርትራ ንዘበርም ናይ ምስፍሕፋሕ ዕላማ መጢሲ ደጅን ክንብሩዎ ይውጥኑ ምህላዎም ደሮ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር በጺሑዎ፡ ነዚ ንምብርዓን ድማ እዛ ብርጌድና ከምኡ'ውን ካልኦት ብርጌዳት ናብዚ ቦታዚ ከምዝመጽኣ ተገብረ።

ግንቦትን ሰነን 1991 ተወዲኡ ሓምለ ዝኣተወሉ እዋን እዩ ነይሩ። ኣብ መላእ ኤርትራ ናይ ናጽነት ባህታ ገና ሃፍሑ ዘይሃሰሰሉን መርዓ ተጋደልቲ ኣብዩ ቦታኡ ዕዙዝ ዝነበረሉን እዋን እዩ ነይሩ። ዝበዝሕና ተጋደልቲ ድሙ እዚ ዝተጠቕሰ ኣጀንዳ ሐዝና ኢና ንንቅሳቐስ ነይርና። ኣብ ኣውጋሮ ኣብ ዝኣተናሉ፡ ኣቕዲሙ ዕጥቅናን ጠበናጅናን ንስራሕ ድሉው ክኸውን ተሓቢሩና ብምንባሩ፡ መካይን መጺኣን ተሰቒልና ናብ ማይ ሽግሊ ነቒልና። ድሕሪ ዝተወሰነ ርሕቀት፡ መካይን ደው ኣለን ጉዕዞ ብእግሪ ክንቅጽል ተነገረና። ልሙድ ወተሃደራዊ ስልቲ ተኸቲልና ጉዕዞ ማይ ሽግሊ በጺሕና። ኣብዚ ቦታ'ዚ ምስ በጻሕና፡ ኣባላት ሰለያ፡ ጀሃድ ኣብ ቅድመና ኣብ ዝበረ ዕሙር ጫካ ዓሸረን ከምዝለዋ ነገሩና። ኣሃዱታት ተገዲመን ቆጥቋጥን ሳዕርን እናጋልሃ ገሰገሳ። ኣብዚ ህሞት እዚ "ኣላሁዎኣክበር" ዝብል ደምጺን ብርቱዕ ተኹስን ብሓደ ተቐባበልና። ድሕሪ'ዚ፡ ተኹሲ ዝመጽኣሉ ኣንፈት ፈሊጥካ ውዱብታትካ ኣማዕርኻ ግብረ መልሲ ምሃብ ቀጸለ።

ንወሱን ሰዓታት ሓያል ጥምጥም ተኻየደ፡ "ያላ ህጃም!" ተባህለ። እቶም ዕጡቓት ንመጥቃዕትና ክጻወርዎ ስለ ዘይከኣሉ ህድማ ኮይኑ፡ ሓደ ካብኣቶም ተማረኸ። ኑዩም ካብ ማይ ሽግሊ ዝደሙ ንምኹላዎም ብዘተሰሰ፡ ፋንቶን ገረንፊትን ኣቢላ ዝሰገሩት ካልእ ብጠለሚ ተቐቢላ ሕርሕራይ ገይራ ቀጥቀጠቶም። ውግኦም ጠንጢናም ድማ ተዓዘሩ። ኣብዚ ድሕሪ ናጽነት ዝተኻየደት ውግእ ዕላማና ብምውቃዕና'ኳ ዕገባት እንተነበርና፡ ኣብ ውሽጢ ናይ ሓጸርቲ ሰዓታት ውግእ 15 ንመርዓን ደርዓን ዝተቐጸሩ ኣብ ብርክም ዘስተንፍሱ ጀጋኑ ከፊልና። መሪር እዩ ዝነበረ። "ድሕሪ ደገም ውግእ ኣብቂዑ'ዩ" ኣብ ዝበልናሉ እቲ ሃገር ምንጣሙ ልብና ብዝሒ እናተሸኸ ናብ ኣውጋሮ ተመለስና። ኣብ ሰነድ ናይቲ እዋን'ቲ ፐርሰነል ብርጌድና (35/88) ዝነበረ - ሎሚ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት እዚ ህዝባዊ ሰራዊት ዘሎ ሚጀር ኣይነኣለም ዘርኣ (ባርዕ) ዝተመዝገቡ 15 ሰውኣት፥ እዞም ዝስዕቡ እዮም፥

ፍስሃየ ገብረሂወት ብየር (ኮሚሽነር ጋንታ)፣ የዕበዮ ዘርኣይ ጋብሩ (ኮሚሽነር ጋንታ)፣ ወልደኣብ ኪዳነ ገብረማርያም፣ ዑቕባይ ተፈሪ ይመስገን፣ ሓሰን ዓሊ ኣሕመድ ሰሌማን፣ ኣብርሃም ገብረመስቀል ገብረእግዚኣብሄር፣ ተኽሉብርሃን ማሰፍን ካሕሳይ፣ ኣማኑኤል ከበደ ነጋሽ፣ ዑቕባገብርኤል ኪዳነ ምሕረተኣብ፣ እስቲፋኖስ ገብሩ ፍትዊ፣ በርሀ ተኽለ ወልደገርግሽ፣ ዑቕባይ ተስፋሰላሰ ጴጋይ፣ ሽሻይ መብራህቱ ደሞዝ፣ ሓረጉ ተወልደ መኮንን፣ ጅምዓ መሓመድ ዓሊ ኢድሪስ።

ብቐንዱ እዚ ፍጻመ እዚ፡ ኑቲ "ድሕሪ ደገምሲ ውግእ የልቦን ጠበናጅና ምሉእ ብምሉእ ናብ ማሕረሻን ባዴላን ክቕየር'ዩ" ዝበልናዮ ምጽዋትናን ግርሃዊ ኣተሓሳስባናን ዝለወጠ፡ እንኩብረሉ ዞባ ተኣፋፊ ዞባ ብምኳኑ ሃገር ቀጻሊ ሓለዋ ከምእትደልን ብሓደ ኢድና ኣፍራዛ ብሓደ ድማ ጠበንጃ ሒዝና ወትሩ ኣብ ተጠንቀቕ ክንህሉ ከምዝምዕዶ ዝተገንዘብናሉን ኮይኑ ኣብ ታሪኽ ተመዝጊቡ ይነብር ኣሎ።

ብርግጽ ድሕሪኡ'ውን (1998) ዜጋታት ናይዛ ሃገር፡ ንስለ ክብሮምን ግዝኣታዊ ሓድነቶምን ክበሉ ቀሊል ውግኣት መዓስ ኣሕለፉ። ከምቲ ኣቦና ወልድኣብ ወልደማርያም፡ "ኤርትራ ብቕልጽማ ዘውዲ ደፊኣ እያ። ነዛ ዘውዲ'ዚኣ ዝትንክያ ወይልኡ" ዝበልዎ መርሓ ጎደና፡ ንሱ ስለዝኾነ ቀዋሚ ሕርያና። ኣቦና ሓርበኛ ሸኽ ዓብደልቃድር ከቢረ፡ ብ10 ሰነ 1948 ኣብ ከተማ ኣስመራ ንዘተወደበ ኸገራዊ ናጽነት ዝጠልብ ሰመር ሰልፊ ካብ ዝተዛረብዎ ቃላት ጠቒሰ ጽሑፈይ ክዛዝም።

"እወ! ንዑ መሰለ ትሓትት ዘላ ሃገር፡ ሕዚ ሓቂ ዝጠልብ ዘሎ ህዝቢ፡ እዚ ኩሉ ዝከኣሎ ሊጋስ ኣላሁ፡ ወዓሊ-ሓዲሩ እታ ድልየቶም ክህቦም እዩ። ሃገርና ተሰፉ፡ ንመሰላ ብዘይካ ንኡ ናብ ካልእ ኣይተጸገዐትን 'እንተ ኣዐዊትኩም፡ ከዐውተኩም'የ...ናባይ ተጸገዑ' ዝብል ቃል መብጽዓኡ ከኣ ዓወት'ዩ። እቲ ቀንዲ ጉዳይና ከኣ ክብረት ህዝብን ሃገርን'ዩ። ክብረት ናይቲ ምእንቲ መሰሉን ሓቅን ዝተዋደቐ ህዝቢ! ሓቂ (መሰል) ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ናጽነትን ሓርነትን እዩ። እዞን ክልተ ቃላት'ዚኣተን ምትሃት (ተኣምር) ኣለወን። ደጋግመወን'ሞ ...ወትሩ ከኣ ኣብ ልብኹም ኣንብሩወን...ዘክሩወን... ክሳብ ኣብ ደምኩም ዝሰርጻ! ሽዑ እየን ንርሕቀትን፡ ሰፍሓትን ህዋ (ኣድማስ) መሊኣን ንሰማያት ሰንጢቐን ናብቲ ዋና ፍትሒ ዝኾነ ኣላህ ዝበጽሓ! ኣላህ ከኣ ንፍጡራቱ ኣይብድልን እዩ።"

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | መደብ ዓለም ስነ ጥበብ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተኽ ኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | መደብ ቴራብ |
| 14:25 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:50 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 15:20 | ህርመት |
| 16:30 | ማህደር |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ማእገር |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ዶክመንታሪ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፈንቅል |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ ንፅማ ኣሕመድ፡ ተኸሳሲ ሓጅ ኣሕመድ፡ ኣብ ሸሪዓ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንኣ3/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ተጸዋዒ ኣቶ ኣሌክስ ሚካኤል ሰሮት፡ ብኣመልካቲት ወ/ሮ ኤደን እዮብ ዘምህረት ንጉዳይ ለበዋ ምጽዳቅ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ኤደን ስዩም ኣለማዮ፡ ኣቦይ ስዩም ኣለማዮ ወርቁ ኣደይ ትደግ ትኩል ዘርሁ ስለዝዋረዱ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ለበዋ ጸዲቑ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኣልጋሽ ክንፈ ተሰፉ ምባል ተሪፉ፡ ኣልጋሽ ክንፉ ተስፉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ሳምሶም በየነ ጉብረክርስቶስ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ መዚት ኒጋሽ ገብረሚካኤል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክርአ ምዃኑ ንሕብር።

ኣሰፋሽ ኣይንኣለም ገብረገርግሽ ብዓል ቤተይ ጸጋይ ኪዳነ ተሰፋጋብር ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕ/እኽሊ ይቕረብ።

ሃብተማርያም ተኽለሃይማኖት ኣስፍሃ ስም ኣደይ ኣብርሀት ገብረሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ኣብርሀት ወልደጋብር ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ/47 ይቕረብ።

ብሪ ግርማይ ተኽለሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ብሪ ሽመንዲ ተኽለሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/49 ይቕረብ።

ኣብርሃም ዘርኣም ገብረማስቀል፡ ኣደይ ኪዳን ዘርእዝጊ በራኺ ስለዝዋረደት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ክፍለ ማሕሪይ ፍትዊ ምባል ተሪፉ፡ ኣቤል ማሕሪይ ፍትዊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕ/እኽሊ ይቕረብ።

ይግበዩ በዘለ/ት ንግዳዊ ባንክ ኤርትራ፡ ወኪ. መልሲ 1. ኣቶ ታኣምራት ሓድጉ ኣይንኣለም 2. ኣቶ ተስፋልደት ገብረሚካኤል 3. ኣቶ ኣማኑኤል መዝገቡ፡ ይግበዩ በዘለ. ንምቅሊት ዝምልከት ጉዳይ ስለ ዘለኩም ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕም ን2/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቅረቡ።

ኣብርሀት ኣብርሃም ተኽለሃይማኖት፡ ብዓል ቤተይ ዘርኣይ ስባሁ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን04/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲት ፍረወይኒ ንጉሱ ተኸሰስቲ 1. መዋእል ጎይትኦም 2. እየሩሳሌም ሓደሽ፣ ናይ ፕዝዐብ ጉዳይ ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለ ዘሎ፡ መልሲ ሒዝኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን04/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ዕ/እኽሊ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ንሕብር።

ተወልደመድህን ዘርኡ ወ/ማርያም፡ ተጸዋዒ ዳርኮ ኣልፍንሶ ናይ ስም ምትሕልላፍ መዝገብ ተኸፊቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ/38 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ንሕብር።

ወ/ሮ ለተብርሃን ተስፋይ ክፍሉ፡ ኣቦና ዓንደብርሃን በርሀ ስረቀን ኣዴና ሂወት ተኽለ እምኑቱን ስለዝዋረዱ፡ ኣቦና ኰፍ/ ዓንደብርሃን በርሀ ወረስቲ 1. ሂወት ዓንደብርሃን 2. ክብራ ዓንደብርሃን በርሀ 3. ጸጋይ ዓንደብርሃን በርሀ 4. ስወእ ተኽለኣብ ዓንደብርሃን በርሀ ተተካኢ ደቂ 5 ኰፍ/ኣብርሀት ዓንደብርሃን በርሀ ተተካእቲ ደቃ 6. ንግስቲ ዓንደርብሃን በርሀ፡ 7. ዘሙይ ዓንደብርሃን በርሀ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32/ ይቕረብ።

ወኪል ሰሚር በርሁ ሰሊና በላል መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ኢክራም በላ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕ/እኽሊ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ሄኖክ እዮብ መልከ ምባል ተሪፉ፡ ሄኖክ እዮብ መልከጻድቅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን01/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ናህም ተሾመ ሰመረ ምባል ተሪፉ፡ ናህ ተሸመ ሰመረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣማን ዓንደማርያም +6፣ ኣቦና ዓንደማርያም ወልዳይ ግደ ነቲ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞ/ጋላ ኽፍሊ (ሕምብርቲ) ፕሎት 10 ፓርሰል G ዚፕ ኮድ 1G 2133 ስፍሓት መሬት 500 ት/ሜ ዝኾነ ብመወከሲ ቁጽሪ 2-001646 መለለዩ መሬት ASP-00044551 ተመዝጊቡ ብቁ/መዝ ASR-00032437 ብቁጽሪ ፍቓድ ንግዲ ASL-00034218 ዝተፈቐደሉ ናይ እኽሊ ጨውን በርበረን መጥሓን ንግዳዊ ትካል ንዝምልከት ዝገበረልና ለበዋ ይጽደቐልና ብምባል ስለ ዘመልከቱ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን01/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ኣመተ ኣሰቐ ባህታ፡ ብዓል ቤተይ ብርሃ እዮብ ጎይትኦም ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ እምባ ደርሆ

እንቶይ መርሃዊ ጉብራይ ምባል ተሪፉ፡ ኣንቶማን መርሃዊ ጉብራይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ረድዋን ሰዓድ ደሻይ ምባል ተሪፉ፡ ረድዋን ሰዑዲ ደሻይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሮግበ ኣብርሃ ነጋሲ፡ ብዓል ቤተይ ምናሴ ገብረንጉስ ዑቕባጽዮን ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድ ሰምስ ዘርኣት ሕሩይ ምባል ተሪፉ፡ ኣሲሞስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቤቱ ሳምሶም ዳዊት ምባል ተሪፉ፡ ቤቴሌሄም ሳምሶን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ተድላ ንኣምን ጉብረሚካኤል፡ ብስም ሓወቦይ ነ/ሄር ረድኢ ጉብረሚካኤል ሃይሉ ዝፍለጥ ጤሳ መሬት ሓወቦይ ውሉድ ስለዘይብሉ፡ ወራሲ ኣነ ስለ ዝኾንኩ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጠሸታ ጆማዕ ዑመር ምባል ተሪፉ፡ ጠሸታ ጆማዕ ዕመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጆምዓ ዓዋተ ጆማል፡ ሕጋዊ ወኪለይ ጠሸት ኣደም ዓሊ፡ ተኸሳሲ ማሓመድ ጠሸት ኣደም ዓሊ፡ ንጹር ኣድራሻ ስለ ዘይብሉ፡ ኣዋት ክረጋገጸለይ ስለ ዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሪምን ማስፍን ሓጎስ ምባል ተሪፉ፡ ተማስገን ማስፍን ሓጎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሳይሞን ኪዳነ ተስፋሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ፊልሞን ኪዳነ ተስፋሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጣሂራ ረጃ በሩሄ፡ ስም ኣደይ ስተኑር ርዝቁ በሸር ምባል ተሪፉ፡ ዘማዝም ርዝቁ በሸር፡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ኣብርሃም ነጋሲ፡ ወለድና ነጋሲ ገብረሚካኤል እንግዳን ኣምለሰት ተኽለ ወልደሰለሰም ስለዝዋረዱ፡ ኣነ ምስ 2 ህልዋት ኣሕዋተይን ምስ 6 ተተካእቲ ደቂ ክልተ መውትቲ ኣሕዋተይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ምሕረትኣብ ክፍለማርያም፡ ኣቦይ ምሕረትኣብ ክፍለማርያም ዓንደማርያም ምባል ተሪፉ፡ ምሕረትኣብ ክፍለሚካኤል ዓንደማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ሰለማዊት ተስፋገርግሽ ተኸሳሲ ፍስሃየ የማኑ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ደሃብ ረዳእ ህዳእ ምባል ተሪፉ፡ ደሃባ ረዳኣ ህዳደ፣ ስም ኣደይ ከኣ ጠሸት ኢሳቕ ምባል ተሪፉ፡ ጠሸታ እሻሓቕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ቅሳነት ወልዱ ምባል ተሪፉ፡ ቅሳነት ወልደስላሰ ኣሰፋ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ዓምባቢት ዕቃብ ኣብርሃ ምባል ተሪፉ፡ ናርዶስ ዑቕባይ ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ኣኽበረት መብራህቶም፡ ስም ኣደይ ኣበባ ሓጎስ ደስታ ምባል ተሪፉ፡ ትርሓስ ኣኽሊል በርሄ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ስምረት ኣለማ ገብረየሱስ ተኸሳሲ ክብሮም በርሀ ገብረማርያም፡ ንግኻ ስ/ሰ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መቕርካ

ኣቶ በርሄ ጸጋይ ምባል ተሪፉ፡ ጸሃየ ገብረኣብ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን01/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ወ/ሮ ለተስላሴ ሃብቱ ገብረማሴ ምባል ተሪፉ፡ ጥኖ ሃብቱ ገብረማሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን02/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። ሐመድ ስራጅ ዓሊ ምባ ተሪፉ፡ ስራጅ ዓሊ ዕምረጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን02/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

ጆምዕየ መሓመድ ማሕመድ ምባል ተሪፉ፡ ጆምዕየ ማሕመድ መሐሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን01/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ከሳሲ ኣቶ ዑመር ዐሶማን፡ ተኸሰስቲ ወረ/ኻፍ መሓመድ ሳልሕ +3፣ ኣብ መንጎ ዑመር ዐሶማን እድሪስን ኣቦኹምን ዝተገበረ ውዕል መሸጣ መሬት ምስ ገዛ ካልእን ዘለዎ፡ ኣብ ከረን ከባቢ 01 ዝርከብ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ።

ወ/ሮ ኤልሳ ተከስተ ገብረስላሴ፡ ተኸሳሲ ፋንኤል እስቲፋኖስ መሓሪ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን02/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ገለብ

ኣድሪስ ኢብራሂም ሓማድ ምባል ተሪፉ፡ ኣድሪስ ኢብራሂም መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ወ/ሮ ማና ኣድሓኖም ወልደስላሴ፡ ብዓል ቤተይ ገብረሂወት ሃብተኣብ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 20/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

# State of Eritrea
# Ministry of Agriculture
# Procurement and supplies management division

## General Procurement Notice[1]

Government of: Eritrea

Project/procuring entity: Ministry of Agriculture (MoA)

GPN version: 2026.2

GPN publication date: April 27, 2026

The Ministry of Agriculture (MoA) has received financing from the International Fund for Agricultural Development (IFAD) towards the cost of Integrated Agriculture Development Project and intends to apply part of the financing to payments for contracts for goods, works and services.

The procurement program for the 2026-year period will include the following:

| Procurements for 2026<br>Estimated value - 53,627,595.00 ERN / 3,034,849.54 EUR / 3,575,173.00 USD | |
|---|---|
| 1 | **Procurement of Goods, to include:** |
| 11) | Cassava food lab Equipment |
| 12) | Procurement of Shad-net house assorted in 2 lots |
| 13) | Procurement of soil kit materials, consumables, Plastic bags, plastic boxes, Secateurs and pollen Po |
| 14) | Supply and installation of solar power and irrigation with accessories assorted in 4lots |
| 15) | Supply, installation and commission of potato seed cold storage facility at adi-keih |
| 16) | Procurement of Small Machines and power Tools for Farm tools workshop |
| 17) | Farming tools and small scale food processing equipment |
| 18) | Supply, installation and commissioning of irrigation scheme pipelines and solar powered pumps assort |
| 19) | Procurement of rabbit cage (stainless steel) with all its accessories, sticky yellow trap and mini-i |
| 2 | **Procurement of Consulting Services, to include:** |
| 21) | cassava food processing technology |
| 22) | TA for Establish Veterinary Drugs and Biologics Registration System |
| 23) | Updating National Pesticide List and introduce pesticide registration system |
| 24) | TA on food and feed safety |

Contracts for goods, works and services will be implemented according to the provisions of Eritrea's procurement regulations, to the extent such are consistent with the IFAD Project Procurement Guidelines and IFAD Procurement Handbook as amended from time to time.

Specific procurement notices for contracts to be tendered under the competitive bidding procedures will be announced as they become available on selected portals, in local newspapers, and other media outlets as appropriate.

1 This GPN is based on the 1st edition of standard procurement document for the general procurement notice issued by IFAD on www.ifad.org/project-procurement for use in projects financed by IFAD. IFAD does not guarantee the completeness, accuracy or translation, if applicable, or any other aspect in connection with the content of this document.

Interested eligible bidders and consultants who wish to be included on the mailing list to receive a copy of advertisements, or those requiring additional information, should send an email to the Lidia Russom Andemariam (Lidyarusomlidu1221@gmail.com) using the subject line "GPN 2026.2 for Ministry of Agriculture (MoA)" and indicating which of the procurement items they are interested in.

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣብርሃለይ ዓንደ ዝብረዝጊ፡ ስም ኣቦ ኣደይ ኣልጋሽ ወልደሰላሴ ብርሃ ምግል ተሪፉ፡ ኣልጋሽ ስብሃቱ ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ዓሊ መሐመድ ዓሊ ምግል ተሪፉ፡ መሐመድዓሊ መሓመድስዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ምዕራፍ ሃብተ ዝብረታትየስ፡ ብዒል ቤተይ የሃንስ ዝብረዝጊ ስለዝሞረሐ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ ህልዋት 2 መዋቲት 1 ምስ ተተካ፡ ደቃ 2 ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዝብረሂወት መልኣከ ሃይሉ፡ ብዓልተ ቤተይ ኣስቴር ዝብረኪዳን ዘርኣብሩኽ ስለዝሞረሐት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ትርሓስ ሚካኤል ኩሉብርሃን ሚካኤል ምግል ተሪፉ፡ ራሕሲ ሚካኤል ቅዱስ ሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ንኻልኣይ ግዜ ዝወጸአ ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን ንክልተ (2) ዓመት ንቤት ጽሕፈት ዘገልግሉ ዘለዉ ፕሪንተራት (printers) ፎቶ ኮፒየራት (Photo copiers) ኮምፕዩተር (Computers) ላይን ፕሪንተር (Line printers) ስቴፕለዘር፡ ስካነርን ፋክስን፡ ዝጽግኑ ኣውዳዲሩ ክሞግርት ስለ ዝደለየ፡ ንጨረታ ይዕድመኩም።

ተሞግርትቲ ከማልእዎ ዘሎምም፦

1. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ትካላት ክፉት እዩ።
2. ተሞግራታይ ትካል ሕጋዊ ፍቓድ ንግዲ 2024 ዘለዎ ኮይኑ፡ ክሳብ 2024 ግብሪ ከም ዝኸፈለ ክሊራንስ (Clearance) መበቆላዊ (Original) ሰነዳትን ቅድሓትን የቕርብ፡ እቲ ቅዳሕ ምስ መበቆላዊ ሰነዳት ተመሳኺሩ፡ መበቆላዊ ሰድ ንተሞግራታይ ይምለስ።
3. ጨረታ፡ ተሞግርትቲ ወይ ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ተረኽበሉ ካብ ምልክታ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ መበል 16 መዓልቲ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚ/ፋይናንስ ሰዓት 9:00 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ቅድሚ ተሞግርትቲ ይኽፈት። ዝኾነ ለውጢ ናይ ግዜ ምስ ዝህሉ ንተሞግርቲ ብተሌፎን ክሕበር ምዃኑ ንሕብር።
4. ብቑዓት ተሞግርትቲ፡ ሰድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ 200.00 ናቕፋ ይኸፍሉ።
5. ተወሳኺ መምርሕን ዝርዝራዊ ሓበሬታን ምስ ዝደሊ፡ ቅድሚ ምኽፋት ጨረታ ዘሎ ግዜ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚ/ፋይናንስ ወይ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ምውካስ ይከኣል።
6. ሚኒስትሪ ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚኒስትሪ ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን
ክፍሊ ምምሕዳር ፋይናንስን
TEl 111890-125211-200238
ጨንራር ሓፈሻዊ ኣገልግሎት
Mobile-07279638
ኣስመራ

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ምም/ከበቢ ገዛ ዐብል ጎደና 135-27 ፓርስል ID NSP0003336 ፕሎት ID AST00005120-10R ዚፕ ኮድ 1A135 ስፍሓት መሬት 220.50 ት/ሜ 2 ቀንዲ ክፍሊ 2 ክፍሊ ዝተደኮኖ፡ ብስም ወረስቲ ነ/ሄርት ንግስቲ ዑቕባስላሴ ጸጋይ ዝተመዝገበ፡ ፍርቂ 108 ት/ሜ ስለ ዝዓደኩዎ'ሞ ናብ ስመይ ክሰግገር ስለ ዝኾንኩ፡ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኣይሩ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስትራልን ቤ/ጽ ኖታሪን ይቕረብ። እንተዘይቀረበ፡ ብዘሎ ሰነዳት ጉዳዩ ክውድእ ምዃኑ ንሕብር።

ኣቶ ኣብርሃ ኪዳነማርያም ብርሃ

ብስም ገርግሽ ተወልደ መሲክን ዝተመዝገበ፡ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ማይጭሆት፡ ገዛ ጥንዳ ጎደና፡ 193/7 ቁ/ገዛ 27 ዚፕ A191መለለይ ቁጽሪ 1:003127/1 ዝርከብ ኦርጂናል ሊብሬቶ ስለዝጠፈኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ኣሎኹ ዝብል እንተሎ፡ ብቁ.ተሌፎን 07602350/202249 እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ክሕበረኒ፣ እንተዘይኣሎይ ግና ካብ ዝምልከቶ ኣካል መተካእታኡ ክወሃበኒ ክሓትት ምዃነይ ንሕብር።

ገርግሽ ተወልደ መሲክን

ሓዳስ ኤርትራ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

# Vacancy Announcement

| | |
|---|---|
| **Position:** | **HR & Admin Superintendent** |
| **Number required** | **1** |
| **Location:** | Based at Koka Gold Mine (Zara) |
| **Reporting to:** | **HR & Admin Manager** |
| **Primary Responsibility & Scope of Work** | To lead person in the delivery of human resource services with specific responsibility for providing information to other HR staff and company employees regarding policies and regulations; addressing a variety of issues and providing general support; overseeing the maintenance of records, files, and databases of personnel actions, evaluations, matters; and assisting the HR Manager in ensuring that personnel functions conform to all applicable regulatory requirements. |
| **Duties:** | - Develop, plan, and implement the department's goals and objectives; recommend and administer policies and procedures.<br>- Direct and participate in developing the department's work plan; assign work activities, monitor workflow, and review and monitor work products, methods, and procedures.<br>- Participate in budget development and administration; assist in forecasting funds needed for staffing.<br>- Participate in the selection and orientation of personnel; approve the appointment of personnel.<br>- Provide administrative support to the HR Manager and act in the HR Manager's absence.<br>- Direct and approve the selection, transfer, and promotion of ZMSC manpower staff.<br>- Interpret personnel policies and regulations, including warnings, dismissals, and disciplinary procedures, and support the HR Manager for correct procedures. Assist staff regarding individual personnel issues.<br>- Ensure the department's compliance with pertinent governmental Labor and other laws, rules, regulations, and policies.<br>- Respond to and resolve complex and sensitive inquiries and complaints regarding recruitment, selection, policies, and procedures.<br>- Attend and participate in professional groups and committee meetings.<br>- Prepare weekly, bi-monthly, monthly, semi-annually, and annual HR reports.<br>- Perform other duties instructed by the HR Manager. |
| **Formal Education, Certifications, or Equivalents** | - Bachelor's degree in human resources management or equivalent. |
| **Working Experience – Nature & Length** | - Over Eight years of work experience in a similar role. Proven experience and skill in applying HR procedures pertaining to recruits, tracking work hours, leave disciplinary procedures, etc. |
| **Leadership Experience - Nature & Length of Time** | Previous experience as HR Supervisor is beneficial. |
| **Other skills and abilities** | Extremely detail-oriented, proactive, and organized with strong Microsoft Office skills.<br>Strong interpersonal relationship-building skills and adaptability to work with people of different cultures and areas of the business, including internal and external. |

**Salary: according to the Company's salary scale.**

**Additional Requirement for nationals**: Having fulfilled his/her National Service obligations and provide evidence of a release paper from the Ministry of Defence. Provide clearance from the current/last employer. Applications should be sent through the Post Office.
Only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application will not send to the sender.

**Address: Please mail your applications to Zara Mining Share Company. P. O. Box 2393. Asmara, Eritrea.**

Note to Eritrean applicants: - Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management P. O. Box 272

The deadline for application is 07 days from the day of the announcement

# ጸጋታት ባሕሪ

## ሓደገኛታት ዓሳ

ፌቨን ሰዩም

ዓሳታት፡ ዓንዲ ሕቖ ዘለዎም ቀዳሞት ዝተዳህሰሱ እንስሳታት ኮይኖም፡ ቅድሚ 500 ሚልዮን ዓመታት ከም ዝተለልዩ መጽሓፍቲ ይሕብሩና። ብመንጽር ብዝሒ ጆር (ዓሌት) ካብዞም ዓንዲ ሕቖ ዘለዎም እንስሳታት እቶም ዝበዝሑ ክኾኑ እንከለዉ፣ ዳርጋ ፍርቂ ቀጽሪ ናይዞም እንስሳታት ብዓሳታት ተባሒቱ ይርከብ።

ዓሳታት ኣብ ሰለስተ ዓበይቲ ጉጅለታት ይኽፈሉ፤ መንጋጋ ዘይብሎም፡ ቆርጠምጠማውያንን ዓጽሚ ዘለዎምን ዓሳታት ከኣ ይበሃሉ። ዓሳታት ዝተፈለየ ቅዲ ኣካባብራ ዘለዎም ፍጡራት ኮይኖም፡ ቅዲ ኣመጋግባኦም ምስ ኣከባበኦም ከም'ኡ'ውን ኣብ ነንሓድሕዶም ዘለዎም ዝምድና ፍልይ ዝበለ እዩ።

ዝበዝሑ ዓሳታት ሓደገኛታት'ኳ እንተ ዘይኮኑ፣ ገለ ገለ ግን ኀደጋዊ ባህሪ ኣለዎም። እዞም ሓደገኛታት ዓሳ ኣብ ክልተ ጉጅለታት ይኽፈሉ፤ "ዝነኽሱ ወይ ጉድኣት ዘውርዱ" ከም'ኡ'ውን "መርዛም እሾኽ ዘለዎም ወይ ከኣ መርዛማት ዓሳታት" ይበሃሉ። እዞም ሓደገኛታት ዓሳ ኣብ ባሕሪ ኣብ እንዘናግዕሉ ግዜ፡ መጻናዕቲ ኣብ እነካይደሉ ወይ ኣብ ካልእ ኣጋጣሚታት ክረኽቡና ይኽእሉ። በዞም ዓሳታት ዝወርደና ሓደጋ ብዙሓዊ ቀሊል'ኳ እንተኾነ፡ ሽሉል ኢልካ ዝሕለፍ ግን ኣይኮነን፡ ክንዲ ዝኾነ ክንፈልጦምን ንዳእ ርእስና ካብኦም ክንሕሉን የድልየና።

### 1. ዝነኽሱን ጉድኣት ዘውርዱን ዓሳታት

ኣብ ባሕሪ ዝነኽሱን መቑሰልቲ ዘስዕቡን ዝተፈላለዩ ህይወታውያን ኣለዉ። ጉድኣት ዘውርዱ ዓሳታት ምስ እንሓስብ፡ እቲ ኣቐዲሙ ኣብ ኣእምሮና ዝመጽእ ዓሳ ኣቡ-ፐቕካ (ሻርክ) ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ካልኦት ኣብ'ዚ ጉጅለ ዝምደቡ ዓሳታት ከም ብዓል ባራኩዳ፣ ሞረይ ኢል፣ ፒራንሃ፣ ግሩፐርን ኒድል ፊሽን ይርከቡ። ብዛዕባ እዞም ዓሳታት ዝርዝር ሓበሬታ ይስዕብ።

#### ኣቡ-ፐቕካ (ሻርክ)

ኣቡ-ፐቕካ ብዘይካ ኣብ ከባቢ ኣንታርክቲክ ደብባዊ ወቕያኖስ፡ ኣብ ኩሉ ወቕያኖሳት ይርከብ። ዝበዝሑ ዓሌታት ኣቡ-ፐቕካ ኣብ ባሕሪ ወይ ኣብ ጨዋም ማይ ዝርከቡ ኮይኖም፡ ዝተፈላለዩ ዓሌታት ኣብ ዝተፈላለየ ዕምቈት ይርከቡ። ግዝፈ ናይ ዝተፈላለዩ ሻርክታት ይፈላለ'ኳ እንተኾነ፡ ግዝፎም ምስ ከውርድዎ ዝኽእሉ ጉድኣት ዝኾነ ምትሕሓዝ የብሉን።


እቶም ብዓገዝፊ ንኣሽቱ ዝበሃሉ ሻርክ ከይተረፉ ሓደገኛታት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ብፍላይ ከኣ ተኣኪቦም/ብዕስለ ኣብ ዝዑዝሉ እዋን ቀሊል ዘይኮነ ሓደጋ ከውርዱ ተኽእሎ ኣለዎም። ሻርክ ብዘንጸባርቕ ናይ ሓጺን ንብረት፣ ደሙቕ ሕብሪ ብዘለዎም ነገራትን ብሽታ ናይ ደምን ይስሓብ። ብተወሳኺ ወሓድ ሞጉዳዊ ዋሕዚ ብዘለዎም ምንቅጥቃጥን ነትጉን ከም'ኡ'ውን ኣብ ጥቓ ገምገም ባሕሪ ብዝርከብ ናይ ጉሓፍ መኣከቢ ቦታ ይስሓብ።

ሻርክ ብመንከስቲ ከቕተሉኻ ከም'ኡ'ውን ኣካል ጎደሎ ክገብሩኻ ይኽእሉ ብምዃኖም ዝወርድዎ ሓደጋ የኽብዶ። እቲ ዝበዝሐ ሓደጋ ኣብ እዋን ምሸት ኣብ'ቲ ዝውቱር ዝምገቡሉ ሰዓታት የጋጥም። ሻርክ ስሕት ኢሎም ኣብ ልዕሊ ደቂ-ሰብ ሓደጋ የውርዱ። እዚ ኢጋጣሚ'ውን ንሰብ ምስ ግዳያም ብምምሳል ዘጋጥሞም ምዃኑ ከይዘንጋዕና ምግላጽ ብዝብል፡ ገለ ግጉይ ኣረኣእያ እዩ። እቶም ሓደገኛታት ዝበሃሉ ጆር ሻርክ ዝኾነ ዝነበሩ የጠቓልል - ግሬት ዋይት ሻርክ፣ ታይገር ሻርክ፣ ማኮ ሻርክ፣ ስሙዝ ሃመር ሄድ ሻርክ፣ ሲልቨር ቲፕ ሻርክን ቡል ሻርክን እዮም። ብሻርክ ኣብ ልዕሊ ሰብ ካብ ዝወርዱ ሓደጋታት እቲ ዝበዝሐ ብዚ "ግሬት ዋይት ሻርክ" ዝበሃል ዓሌት ምዃኑ ተመዝጊቡ ይርከብ።


ኣቡ-ፐቕካ (ሻርክ)


#### ባራኩዳ/ዓጋም

ባራኩዳ ኣብ ሓውሲ ትሮፒካዊ ከም'ኡ'ውን ኣብ ትሮፒካዊ ወቕያኖስ ይርከብ። ቅልጡፍ ሓንባሲይን ሃዳናይን ክኾውን እንከሎ፡ ኣዝዩ ጨካንን ብቕልጡፍ ከጥቅዕን ዝኽእል እዩ። ንሰብ ከኣ ሳሕቲ የጥቅዕ። ዝጎፍ ኣፍን ብሉሕቲ ኣስናን ዝተመልአ መንጋጋን ዘውንን ኮይኑ፡ እዚ ከኣ ንግዳዩ ንምሓዝ የገልግሎ። ባራኩዳ ንጠለቕቲ ባሕሪን ብስኖርክል ንዝሕንብሱን ደድሕሪኦም ብምኻድ ወይ ብምክትታል ከሰንብዶም ይኽእል። ኣብ ጸፍሒ ባሕሪ ንዝሕንብሱን ኣብ ማይ ንዘወዛውዙ ኣእጋርን ሓደጋ ብምውራድ'ውን ይፍለጥ። ከም ሻርክ ባራኩዳውን ብዘንጸባርቕ ናይ ሓጺን ንብረታትን ዝሞተ ዓሳን ይስሓብ።


ባራኩዳ (ዓጋም)

#### ቅርጺ መርፍእ ዘቕርጹ ዓሳ/needle Fish

ኒድል ፊሽ ኣብ ትሮፒካውን ምዉቕን ወቕያኖስ ይርከብ። ኒድል ፊሽ ቀጢንን ነዊሕን ክኾውን እንከሎ፡ ነዊሕን ድልዱልን ንቕድሚት ገጹ ዝወጽኣን መንጋጋ ይውንን። ቁመቱ ብጠቕላላ ክሳብ 1.8 ሜትሮ ዝበጽሕ ኮይኑ፡ ዝበዝሐ እዋን ኣብ ላዕለዋይ ጸፍሒ ናይ ባሕሪ ይሕንብስ። ኣብ ግዜ ለይቲ ብደማቒ ብርሃን ይስሓብ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ዝሕምብሱ ጠለቕቲ ባሕሪ ከም'ኡ'ውን ገፈፍቲ ዓሳ ብዘዕጥኑ ኒድል ፊሽ ብኸበድ ቆሲሎም ክሳዕ ሞት'ውን ዝበጽሑ ከም ዘለዉ ይሕበር።


ቅርጺ መርፍእ ዓሳ

#### ግሩፐር/ቸርኒያ

ግሩፐር ኣብ ምዉቕ ብፍላይ ኣብ ትሮፒካዊ ከም'ኡ'ውን ኣብ ዕምቈት ዘይብሉ ማያት፡ ኣብ ከባቢ ዕምባባ ባሕሪን ሑጻን ይርከብ። ግሩፐር ብሓፈሻ ካብቶም ተጻባእቲ ዓሳታት'ኳ እንተ ዘይኮኑ፤ ሓደጋ ከውርዱ ግን ይኽእሉ እዮም። ግሩፐር ካብቶም ግዙኣታውያን ዓሳታት ማለት ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ከባቢን በዓትታትን ዝነብሩ ብምዃኖም፡ ጠለቕቲ ባሕሪ ቅድሚ ናብ ትሕቲ ባሕሪ ዝርከቡ በዓትታት ምእታዎም እዚ ዓሳ ምህላዉን ዘይምህላዉን ከረጋግጹ ይግባእ።

#### ሞረይ ኢል

ሞረይ ኢል ኣብ ትሮፒካዊ ማያት ዝርከብ ዓሳ ኮይኑ፣ መሕብኢ ቦታ ክረኽበሉ ኣብ ዝኽእል ቋቑራን ኣብ መንጎ ነኳላት ዝሞቱ ዕምባባታት ባሕርን ይቕመጥ። ሞረይ ኢል ካብቶም ኣመና ግዙኣታውያን ዓሳ ብምዃኑ፡ ናብ ጥቓ ዝቕመጦ ነኳልን ቋቑራን ንዝቐረቡ ሓንበስቲ ብተደጋጋሚ ጉድኣት ብምውራድ ይፍለጥ። ኣዝዩ ሓያልን ጨካን ተናኻሲዩን ክኾውን እንከሎ፣ ሓንሳብ ምስ ነኸሰ ካብ'ቲ ዝነኸሶ ቦታ ክትፈላልዮ ኣዝዩ ኣሸጋሪ እዩ። ሞረይ ኢል በዩኑ ዝቕመጥ ዓሳ ኮይኑ፡ ኣብ ከባቢኡ ዝሰናወን ነገራት ብጥቡቕ ይዕዘበን ይከታተልን።

#### ፒራና

ፒራና ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ኣብ ከባቢ ኣማዞን ጥራይ ዝርከብ ዓሳ ኮይኑ፣ እቲ ኣዝዩ ሓደገኛ ናይ ጥዑም ማይ ዓሳ እዩ። ፒራና ኣዝዩ ንእሽቶ ካብ 5 ክሳብ 7.5 ሴ/ሜ ቁመት ዘለዎ'ኳ እንተኾነ ኣዝዩ በሊሕ ኣስናን ዘውንን ሓያል መንጋጋ ኣለዎ። እዚ ከኣ ንገዝፍቲ ግዳይ ዝኾኑ ዓሳታት ከጥቅዖምን ክቐትሎምን ይሕግዞ። እዚ ዓሳ ካብ'ቶም ብሓባር ዝሕምብሱ ዓሳታት ኮይኑ ኣብ ከም'ዚ እዋን ንሰብ ሓደጋ ከውርድ ይኽእል።

### 2. መርዛማት ዓሳታት

ዝተፈላለዩ ዓሌት መርዛማት ዓሳ ክህልዉ እንከለዉ፡ እዞም ዓሳታት ኣብ ክንፎም ብዝርከብ እሾኽ ወይ ብምንካስ መርዛም ክሕልፉልካ ይኽእሉ። እቲ መርዛም ከበድ ቃንዛ ዝፈጥር ኮይኑ ናይ ምቕታል ተኽእሎ'ውን ኣለዎ። በዞም ዓሳታት ሓደጋ እንተ ደኣ ገጢሙካ ከም ተመን ዝተነኸሰ ሰብ ዝግበረሉ ክንክን ተመሳሳሊ ክንክን ክግበረሉ ይግባእ። ዓሳታት ደሙ-ዝሑላት ስለ ዝኾኑ፣ ብሙቐት ካብ ስራሕ ወጻኢ ክትገብሮ ይከኣል እዩ። ስለ'ዚ መቑሰልቲ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ነቲ ቁስሊ ዘለዎ ቦታ ኣብ ውዑይ ማይ ብምእላኽ ነቲ ጉድኣት ከተጉድሎ ይከኣል እዩ።

#### ስቲንግ ረይን ኢግል ረይን

ስቲንግሬይ ኣብ ትሮፒካውን ሓውሲ ትሮፒካውን፣ ምዉቕን ማእከላይ ሙቐትን ኣብ ዘለዎ ክፋላት ባሕሪ ይርከብ። እዚ ዓሳ ጸፊሕ ኮይኑ ቀጢን፣ ነዊሕ፣ መርዛም፡ ኣብ ጫፉ በሊሕ እሾኽ ዝመስል ጭራ ይውንን። እዚ ዓሳ ብላዕሊ ኳንካ ክትርእዮ ክሳብ ዘይትኽእል ገዛእ ርእሱ ብሑጻ ይቕብር። ኣብ ኣመሪካ ኣብ ዓመት ብጠምጋም ከባቢ 1800 ሓደጋታት በዚ ዓሳ ኣብ ልዕሊ ደቂ-ሰብ ይወርድ። መብዛሕትኡ ሓደጋ ሰባት ኣብ ዝሕምብሱሉ እዋን ከይተረድኦም ኣብ ልዕሊ እዚ ዓሳ ደው ምስ ዝብሉ እዩ ዘጋጥም። በዚ ዓሳ ዝስዕብ ቁስሊ ኣዝዩ ኣቓንዛዊ ኮይኑ ከም ተወሳኺ ዕግርግር፣ ተምላስ፣ ረሃጽ፣ ናይ ምስትንፋስ ሽግር ከም'ኡ'ውን ዕውለት ከስዕብ ይኽእል። ገለ ገለ ዘጋጥም ሓደጋታት ናብ ሞት'ውን ኩብጽሕ ይኽእል እዩ።

#### ራት ፊሽ/Rat Fish

ራት ፊሽ ኣብ ማእከላይ ሙቐት ዘለዎም ወቕያኖሳት ዝርከብ ዓሳ ክኾውን እንከሎ፡ መርዚ ናይ'ዚ ዓሳ ፊት እንግድዓኡ ኣብ ዘሎ ክንፊ ይርከብ። እዚ ዓሳ ተጻባኢ ዓሳ ስለ ዘይኮነ በዚ ዓሳ ዝስዕብ ሓደጋ ብወገቢ እዩ ዘጋጥም። በዚ ዓሳ ዝስዕብ ቁስሊ ኣዝዩ ኣቓንዛዊ ኮይኑ፡ ድሕሪ መንከስቲ ናይ ምስትንፋስ ጸገም፡ ኣዝዩ ብዙሕ ለዘዛታ ከም'ኡ'ውን ብሰንኪ ዋሕዲ ኦክስጅን ኣካላት ናብ ሰማያዊ ሕብሪ ክቕየር ይኽእል። ሓደጋ ዘጋጠሞ ሰብ ናብ ንቡር ንኽምለስ ካብ 6 ክሳብ 48 ሰዓታት ይወስደሉ። ኣብ ኣናጹ፡ ደማሙ፡ ኣህባይን ብዝተጉበረ ፈተነ፡ እዚ መርዚ ክቐትል ተኽእሎ ከም ዘለዎ ተረጋጊጹ ኣሎ።


ራት ዓሳ

#### ካት ፊሽ/Cat Fish

ካት ፊሽ ኣብ ታሕተዋይ ክፋል ናይ ባሕሪ ኣብ ማይ ጥዑም ወይ ባሕሪ ምስ ማይ ጥዑም ኣብ ዝራኸቡሉ ቦታታት ይርከብ። እዚ ዓሳ ኣብ እንግድዓኡ መርዛም እሾኽ ዘውንን ኮይኑ፡ እዚ እሾኽ ድሕሪ ሞት ናይ'ዚ ዓሳ ከይተረፈ ኣቓንዛዊ ቀንሲ ከስዕብ ይኽእል። እቲ ዝበዝሐ በዚ ዓሳ ዝወርድ ሓደጋ ድሕሪ ምግፋፉ ኮይኑ፡ ነዚ ዓሳ ካብ ሰከቦት ኣብ ምውጻእ፡ ምስራፅን ምትላጅን ማለት ኑቲ ዓሳ ብበረድ ኣብ መትሓዚ ዓሳ ኣብ ዝግበር ንጥፈት ከኣ ይስዕብ።


ካት ዓሳ

#### እምኒ ዝመስል ቅርጺ ዘለዎ ዓሳ/Stone Fish

ስቶን ፊሽ ኣብ ትሮፒካዊ ማያት ናይ ህንዳዊ ወቕያኖስ ይርከብ። እዚ ዓሳ ካብቶም ኣዝዮም መርዛማት ዓሳታት ኮይኑ፡ ኣብ እንግድዓኡ ንሰብ ክቐትል ዝኽእል እሾኽ ይውንን። እዚ ዓሳ ንዝተሰባበረ ዕምባባ ባሕሪ ዝመስል ቅርጽን ሕብርን ስለ ዘውንን፡ ኣብ ነኳላት ናይ ዕምባባ ባሕሪ፣ ኣብ ትሕቲ ኣኻውሕ፣ ኣብ ጉዳጉዲ ወይ ከኣ ኣብ ሑጻ ወይ ጭቃ፡ ኣብ ዝቐብረሉ እዋን ንጠለቕቲ ባሕሪ ምስ ከውሒ ከደናግር ይርአ። ጠለቕቲ ባሕሪ ከውሒ መሲልዎም ኣብ ልዕሊኡ ደው ኣብ ዝበልሉ እዋን ከኣ ሓደጋ ይፈጥር።


ቅርጺ እምኒ ዝመስል ዓሳ


ስቶን ፊሽ

#### ዕንቅርቢት ዓሳ/Scorpion Fish

ዕንቅርቢት ዓሳ ኣብ ኣኻውሕ ዝመልአ ታሕተዋይ ክፋል ናይ ባሕሪ ዝርከብ ዓሳ ኮይኑ፡ ኣብ ትሕቲ ኣኻውሕን ቋቑራን ካብ 0.5 ሜትሮ ክሳብ 50 ሜትሮ ዝበጽሕ ዕምቈት ኣብ ዘለዎ ማያት ይርከብ። እዚ ዓሳ ክኢላ ናይ ምምሳል ክኾውን እንከሎ፡ ንግዳዩ ከይተንቀሳቐሰ ኮፍ ኢሉ ክጸበ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብጥቓኡ ኣብ ዝሓልፈሉ እዋን ሓደጋ ይወድቀሙ። ስኮርፕዮን ዓሳ ኣዝዩ መርዛም ብምዃኑ ብጥንቃቐ ክትሓዝ ይግባእ።


ካት ፊሽ

ኣብ ላዕሊ ከም እተገልጸ፡ ካብዞም ብኣሸሓት ዝቑጸሩ ዓሳታት፡ ገለ ውሑዳት ኣብ ልዕሊ ደቂ-ሰብ ጉድኣት ከውርዱ ስለ ዝኽእሉ፡ ኣብ እንሕንብሰሉ ወይ ኣብ ገምገም ባሕሪ ኣብ እንዘናግዓሉ እዋን ጥንቃቐ ክንገብር ኣገዳሲ እዩ።

**ብምትሕብባር ሚ/ሪ ሃብቲ ባሕሪ ዝዳለ ዓምዲ**

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

**ዝኽሪ**
**ቅነ ናጽነት**

# ኣቦይ ዕቝቢት ብዓል ሸጉጥ



መዓልቲ ናጽነት እንክመጽእ፡ ፍቐዳኡ ዘለዓል ብዙሕ ቅንጥብጣብ ዝኽርታት ኣሎ። ዝኽሪ ኣቦይ ዕቝቢት ሓደ ካብኡ እዩ። ኣቦይ ዕቝቢት፡ ንሶምን ሕጽሮምን ምስታ ተርባብ ከብዶምን ቀቢያምን ክሳዕ ሕጂ ይርኣዩኒ። ኣቦይ ዕቝቢት፡ ጌጋ ይኽልኣለይ፡ ኣብ 'ድህንነት' ዝሰርሑ ዝነበሩ ኣባል 'ኢሰፓ' እዮም። ሸጉጥ ዝዓጠቑ ብምንባሮም፡ ሓደ ሓደ ግዜ ሸጉጥ ኣቦይ ዕቝቢት እናበልና፡ ንእሽተይ ዕንጸይቲ ኣብ መዓጥቆና እናሸኻዕና ንጻወተሉ እዋን'ውን ነይሩ።

ኣቦይ ዕቝቢት፡ ተባዕ፡ ቈራጽ፡ ሓያል ሰብኣይ ገይረ እቘጽሮም ነበርኩ። ክልተ ምኽንያት ከኣ ነበረኒ። እቲ ቀዳማይ፡ ኣብቲ ገዛወቲ ፍቱው፣ ምስ ዓብን ቈልዓን ሆ እናበሉ ዝኸዱ፡ ኵሉ የኽብሮም ዋላ ይኹኑ ሸጉጥ ኣላቶም። ካልኣይ ምኽንያት ኣብ እዋን ተፍትሽ ብወተሃደራት ደርግ ኣይክልከሉን ነበሩ። ኣብ እዋን ተፍትሽ፡ ገዛውትና ወተሃደራት ምልእ ይብሉዋ። ሓደ ሰብ ንገደ ዝወጽእ ኣይነበረን። ኣብ ውሽጢ ካንሸሎ'ኻ'ኳ ርጉእን ንቡርን ምንቅስቓስ ከተካይድ ልብ'ኻ ዘይዓርፈልካ ግዜ'ዩ። ኣብ ነፍሲወከፍ ኵርናዕ፡ "ግባ!" እናበሉ፡ እምን ዝድርብዩን በትሪ ዝውርውሩን ወተሃደራት ነበሩ። እቶም ገዛ ገዛ ኣትዮም ዝፍትሹ ክሳዕ ካብ ገዛውትና መጺኦም ፈቲሾም ዝኸዱ ከምኡ ኢልና ንውዕል ነበርና። እታ ፊዕ እንብለላ ቅርዓት ገዛውትና፡ ማእከል ኵሉ ጸወታና ዝነበረት ኣስካላ እንዳ'ቦይ ስዒድ፡ ብነ'ኳላት ማዕጾ ካንሸሎና ብጩራ ኢና ነማዕዱዋ። ሓደ ሓደ ግዜ ከኣ'ባ ኣብ ካዝሚር እንዳ'ደይ ኣዜብ ሓኹርና ነማዕዱዋ። ኣቦይ ዕቝቢት ናብ ስራሕ ክወፍሩን ክምለሱን ሰማያዊ ናይ ኢሰፓ ክዳኖም ተኸዲኖም መን እሕሕ ክብሎም።

ገዛውትና ስሕት ኢሉ ካብ ዝመሉቕ ዕላልን ካልእን ተተሓሒዙ፡ ኣብ ህጻንነትና ኣትሒዝና ናትናን ዘይናትናን ክንፈልን ክንሕሉን ዳርጋ ክኢልና ነይርና ኢና። ኣቦይ ዕቝቢት ምስ ኵሉ ሓደ ብምንባሮም ምስቶም ዝጽልኡን ኣብ ቅድሚኦም ዘይዝርብን ድዮም ኣይኰነን ኣይፍለዩለይን ነበሩ።

ሓደ ረፍዲ፡ ኣሸምባይዶ ካብ ካንሸሎና ካብ ገዛ ከይንወጽእ ተኸልከልና። እታ ቅድሚ ቍርሲ ዘላ ናይ ንግሆ ጸወታ፡ ልክዕ ከም ጸሓይ ንግሆ ኣይትምኖን እያ። ንኣይን ነቶም መሳቶይን ዝዓበየት ንሳ'ያ ዝነበረት። ድሕሪ ገለ ግዜ ግን ተፈታሕና። ንሕና ዘይርኣናዮ'ምበር ገዛውትና ብፋንፋሌት 'ሻዕቢያ' መሊኣ'ያ ኣርፊዳ። ኵሉ ጸርዩ ወገኑ ምስ ሓዘ'ዩ ክንጻወት ዝተፈቕደልና። መቸም 'ሻዕቢያ' ትብል ቃል ስሕት ኢልና እንሰምዓ፡ ግን ከኣ ንሕና ክንብላ ዘይብልና፡ ቃል ምዃና ንፈልጥ ኢና። ኣብቲ ፈለማስ ኣረ ከምዚ ግጥም ኵዕሶ እግሪ ኣብ መንጎ መንግስትን ሻዕብያን ዝካየድ ይመስለና ነይሩ። እቲ "ደቀና፡ ኣሕዋትና፡ ...፡" ዝብል ንእኦም ምዃኑ ምስ ፈለጥና ሕሹና ኣጸሚና፡ "ሻዕብያ ንመንግስቲ ብ'ኽንዲ'ዚ ስዒራታ፡" ክንብል ንደፍር ነይርና።

ብዙሕ ሰብ፡ ናብ ካንሸሎ እንዳ'ቦይ ዕቝቢት ይኣቱን ይወጽእ፣ መካይን ደርግ ደው ይብላን ይኸዳን። ጽን እንተ በልካ፡ "ኣቦይ ዕቝቢት ሃይለ እዝጊ ኣውጺኡዎም፡" እናበለ ሰብ ናብ ገዛኦም ወሓዘ። ንሕና ከኣ ሰላሕ ኢልና ኣተና። ብዘይካ ብዙሕ ሰብ ዝኣቱን ዝወጽእን ንሓድሕዱ ዝዛረብን እምበር ዝርኣናዮ ኣይነበረን። ምስ ተመለስና ኣስካላ እንዳ'ቦይ ስዒድ፡ መሊኣ ጸንሓትና፣ መንእሰያትን ቈልዑን እኩብ ኢልና ኮፍ እንብለላ ዝነበርና ኣስካላ። ኣብ እንዳ'ቦይ ዕቝቢት ዝተገብረ፡ ብቶም ልክዕ ከም ፊልም ኣብኡ ከም ዝወዓሉ ብዘሐክዩ ደቂ ገዛውትና ኢና ፈሊጥና። ካንሸሎ እንዳ'ቦይ ዕቝቢት፡ ምዓት ጥቕስታት፡ መፈራርሒታትን ጭርሖን ተጠቂዑ ምንባሩ፡ ከምዛ ክጥቃዕ እንክሎ ዝነበሩ ብዝርዝር ኣዕለሉና። ብኣንጎሎ ሃንደበት ሰብ ህሩግ ኢሉ፡ ነታ ኣብ ገዛውትና እዝዚ እተቈርጥጥ ቃል "ሻብዕያ"፡ ከይሰምዓ መታን ካባና ፍርዝን ዝበሉ ዋርድያ ይወጽኡ'ዮም። ሸው'ዩ ሕክያ ብ'ኽፉት ዝቐጽል።

24 ግንቦት 1991 ተጋደልቲ ናብ መንደፈራ ክኣትዉ እንከለዉ፡ ንኣና ብዙሕ ምርኢታት ነበሮ። ካብቲ ኣብ ጽርግያ ዝነበረ ምርኢት ዝሰሕብ ሃንደበታዊ ሕቶ ኣብ መንጎና ተላዕለ። "ሸዕብያ ንኣቦይ ዕቝቢት ክትሕዞም ከላ ንርኢያ፡" ተበሃሂልና ናብ ገዛ እንዳ'ቦይ ዕቝቢት ጉየና። ኣንጎሎ ጥውይ ምስ በልና፡ ኣቦይ ዕቝቢት ሸጉጦም ኣውጺኦም ንላዕሊ ክትኵሱን ምስ ደቂ ገዛውትና ክተሓቛቘፉን ጸንሑና። ነገሩ ተገማጠልና። በቲ ናይ ሽው ዓቕምና ክነላግቦ፡ ክንርድኦን ክንፈትሖን ዘይንኽእል ግድል ነበረ። ዝያዳ ልቢ ሰኺዕና እንክንሰምዖ ግን፡ ኣቦይ ዕቝቢት ሓፋሽ ውዱብ'ዮም ዝነበሩ። "እቲ ኣብ ገዛኦም ተለጢፉ ዝሓደረ ወረቓቕትን እቲ ኣብ ገዛውትና ዝተዘርግሐ ፋንፍሌትን እውን ባዕሎም ዝገበሩዎዶ ነይሩ ይኸውን፧ እቲ ገዛውትናኸ ክንዲኡ ፍቕርን ክብርን ክህቦም እንከሎስ ነዚታት ይፈልጥዶ ነይሩ ይኸውን፧" ኢለ ክሳዕ ሕጂ እሓስብ እየ።

---

**ቀዳም - 02 መስከረም 2025**
**11፡40 ድ.ቐ. - ገዛና**

# ምስጢር እታ ዘይትኽፈት ሳንዱቕ



ዳየረይ ኣብ ገዛና ካብ ዝዝከረኒ ብጌጋ ከፊትናያ ዘይንፈልጥ ሳንዱቕ እያ። ባባ ኣብ ገዛ እንዳ ዓለቦና ኣምጺኡ ኣብ ትሕቲ ዓራት ናይ ዓባየይ ምስ ኣቐመጣ፡ ንሱ እውን ክሳብ ዕለተ መስዋእቱ ከፊቱዋ ኣይፈልጥን እዩ። ብቑልዑትና እንከለና፡ "ባባ እዛ ሳንዱቕሲ እንታይ እያ ሒዛ ዘላ፧" እናበልና ኣብ እንሓተሉ ግዜ፡ ዘዕግብ መልሲ ተዋሂብና ኣይፈልጥን። "ከይት'ኸፍቱዋ፡" ጥራይ'ያ መልሱ። ኣረ ሕጂ ክዝክሮ ኣስሕቐኒ! ገንዘብ መሊኡ ኣቐሚጡዋ ዘሎ እዩ ዝመስለኒ ነይሩ።

እዛ ሳንዱቕ ድሕሪ መስዋእቲ ኣቦና፡ ሽሕ እኳ ካብ ትሕቲ ዓራት ዓባየይ ኣልዒልና ናብ ቤትና እንተ ወሰድናያ፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ከይከፈትናያ ነዊሕ እያ ገይራ።

ካብ ቦታይ ዕረፍቲ ምስ መጻእኩ፡ ከም ኣመልይ ገዛ እነጋግፍ ኣብ ዝነበርኩሉ፡ ኣብ ትሕቲ ኣርማድዮ ተቐሚጣ ንዝነበረት ኣብ ገዛና ከም ፈንጂ እትፍራህ ሳንዱቕ መፍትሓ ተሰይሩ ተኸፊታ ርኣኹዋ። ዓባይ ሓፍተይ መፍትሕ ሰይራ ከፊታታ ጸኒሓ።

ምስ ፈተሽኩ፡ ኣብ ውሽጣ ከምቲ ብንእስነተይ ከለኹ ዝሓስቦ ዝነበርኩ ጥማራት ገንዘብ ዘይኰነ፡ ዝተፈላለየ ናይ ባባ ናይ ሕክምና መጽሓፍቲ፡ ኦክስፎርድ ዲክሽነሪ፡ ናይ ታሪኽ ጽሑፋት፡ ብዓቢኡ ናይ ባባን ማማን ኣብ ግዜ ገድልን ኣብ ግዜ ወራር ወያነን ዝጸሓሓፋዎ ዝነበሩ ናፍቖት ዝሓዘለ ደብዳቤታት፡ ገለ ሓረግ ወሎዶታት ሰድራቤትና ዝሓዘ ደብተር፡ ባባ ምስ ኣባላቱ ኣኼባ ኣብ ዝገብሩሉ ግዜያት ዝነበሩ ርእይቶ፡ ሃነጽቲ ሓሳባት፡ ነቐፌታን ርእሰ ነቐፌታን፡ ርእሰ ነገር ናይ ኣኼባኦም ዝሓዘ ጥራዝ፡ ልዕሊ 40 ዓመታት ዘቝጸረ ኣብ ግዜ ደርግ ዝምሃረሎም ዝነበረ ናይ ኣካድሚ መጽሓፍትን ጠራውዝትን ምስናይ ነጥቡ ዝሓዘ ባጅላን ኣብታ ሳንዱቕ ተዓቂቦም ጸኒሖምኒ።

ዘይከምቲ ትጽቢተይ ብገንዘብ ዘይትመን ኣብ ከርሲ እታ ሳንዱቕ ሃብታም ትሕዝቶ ጸኒሑኒ፡ ሎሚ ብዛዕባ ዘሎኒ ናይ ምዕቃብ ልምዲ ንነብሰይ ኣብ ዝሓተሉ፡ ዝምልሶ መልሲ የብለይን። ኣይኰነንዶ ዝተመሃርኩሉ መጽሓፍትን ጠራውዝትን ክእክብ፡ ንመጻኢ መዘከርታ እት'ኹነኒ ነዛ ደረቕ ስእሊ'ኳ የብለይን።

ሎሚ ሳላ ተክኖሎጂ ስእልታትና፡ ጽሑፋትና ኣብ ሞባይላትና ኢና ንኽዝኖ። ከም ኣብ ጋዜጣ፡ ኣብ መጽሓፍቲ ይኹን ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ዝረኸቦ ጽሑፋት፡ ካብ ኣብ ሞባይለይ ስኢለ ምትራፍ ሓሊፈ ዝገብሮ የብለይን። እዚሲ ዳየረይ ትህኪትዶ ክንብሎ ዋላስ ሸለልትነት፧ ወይስ ኣገዳስነት ምዕቃብን ምስናድን ዘይምርዳእ። ብዝኾነ ይዕበ ይንኣስ ብጽሑፍ ይኹን ብዝጭበጥ ምዕቃብ፡ ኣገዳስነቱ ንዝመጽእ ወለዶታት ኣዝዩ ዓብዩ ምዃኑ እየ ተረዲኣ።

የርሳሌም ኤልያስ
ክፍሊ ትምህርቲ ክ/ሰ 71

---

# ነገር ጭራ

**መስከረም 2024**



እቲ ምስታ ዘይፈልጣ ጓል ዘመሳሰልኩዋ ብውቁብ ኣግራብ ዝተኸበ መገዲ ኣየር ፖርት፡ ንኽዕርፈሉ ባህታ ስለ ዝፈጥረለይ፡ ብስራሕ ናብዚ ቦታ ካብ ዝምደብ ኣትሒዘ እዚ ዘይብሎ ባህታ እዩ ሰፊኑኒ። መንፈሰይ ሃዲኡ፣ ዕግበት ንኣካላተይ ወሪሩዎ፣ ኮታስ ደጊመ ዝተፈጠርኩ ኩይኑ ተሰሚዑኒ። ኣብዚ ቦታ ዝካየድ ንጥፈት ንኽትዕዘቦ ዘደንቕ'ዩ። ንግሆ ጋሕጋሕ ወፊሮም፡ ሕቜኦም ትኽ ከይበለ ኣብ ጻዕሪ ዝውዕሉ ኣጕባዝን ዕድመ ዝደፍኡ ሽማግለታትን፡ ገለ ካብቲ ጽባቐ ናይዚ ከባቢ'ዮም።

ብህዱእ መንፈስ ተሰኒኻ፡ መጽሓፍ ምንባብ ካብቲ ዝብርሃኒ ንጥፈት ስለዝኾነ መጽሓፍ እና'ንበብኩ ኢና ምስ ኢንጅነር ጀማል ሃገር ተራ'ኺብና። ሰላምታ ድሕሪ ምልውዋጥ፡ ካብቲ ተቐሚጠሉ ዝጸናሕኩ ሰፈር ብድድ ብምባል፡ ጐድኒ ጐድኑ ተሳለኹ። ኣብ ከምዚ ህሞት እንከለና፡ ከብቲ ዝሓዘ መንእሰይ ናባና ኣንፈ ገበረ'ሞ ምሕድግ ኢልና ኣሕለፍናዮ። ኢንጅነር ነቶም ዝተፈላለየ ሕብሪ ዝነበሮም እንስሳታት፡ ተጠውዩ ብተመስጦ ክዕዘቦም ርኣኹዎ።

"እንታይ ደኣ ካብ ምህንድስና፡ ምጕሳይ ይሓይሽ ትብል ዘለኻ ትመስል፧" ክናፍረይ ጋሊሀ ተዋዘኹ።

"ኖኖ ንጭራኦም'የ ክዕዘብ ጸኒሐ። ጥዕና የብልካን ደኣ ከይትብልኒ እምበር፡ 'ሰብ ጭራ ነይሩዎ እንተ ዝኸውን እንታይ ምመሰለ፧' ክብል ጸኒሐ፡" ምስ በለኒ፡ ብኣእዳወይ ንኣፈይ ከዲነ ሰሓ'ቅኩ። ኢንጅነር'ውን ተ'ኸቲሉኒ ሰሓቐ። ድሕሪ ቍሩብ ደቓይ'ቕ ግን ጭራ ኣብ ምግላጽ ስምዒት ዓቢ ተራ ከም ዘሎዎ፡ ኣብነታት ኣሰንዩ ገለጸለይ። ኵሉ እኳ ኣይኹን፡ ከፊላዊ ብዛዕባ ጭራ ኣፍልጦ ስለ ዝነበረኒ ርእሰይ ብእወታ እናኣነቓነ'ቕኩ ንሓሳቡ ሰማዕኩዎ።

"ሰብ ጭራ እንተ ዝህሉዎ፡ ልሳኑ ክትሕሱ ከላ ጭራኡ መግድዓቶ ነይራ። ብተዘዋዋሪ መገድስ ሓቂ እምበር ሓሶት ኣብ ዓለም ኣይምሃለወን፡" በለኒ።

"ኣታ ሓቅ'ኻ እኮ ኢ'ኻ፣ ገለ ነገር ምተፈጥረ ነይሩ። ኣብ ስራሕ ፈጣሪ ከይንኣቱ'ምበር፡ ነገር ጭራስ ዘተሓሳስብ'ዩ፡" ብምባል ንዘረባኡ ኣስተንተንኩዎ። ሰዓታት ስራሕ ኣኺሉ ስለ ዝነበረ ስጉምትና ብምፍጣን ናብ ስራሕና ዝወሰድ መገዲ ተጠወና። ዳየሪየይ ሸኮር ጭራ ነይሩኒ እንተ ዝኸውን እንታይ ምመሰልኩ፧ ትቐርጽኒ ኣለ'ኺዶ።

ኣር-ሞር (ሳማራ)

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ሩስያን ዩክሬንን፡ መጥቃዕቲ ኣየር ዳግማይ ጀሚረን

ሩሲያን ዩክሬንን ብመንኾኞት ኣመሪካ ንሰለስተ መዓልታት ዝጸንሐ ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦ ድሕሪ ምብቃዑ፡ ዳግማይ መጥቃዕቲ ኣየር ከም ዝጀመራ ተሓቢሩ።

በዚ ድማ ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ፡ ልዕሊ 200 ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ሩሲያ ኣብ ሓደ ለይቲ ኣብ ልዕሊ ዩክሬን መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸማ ገሊጹ።

ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ሩሲያ ኣብ ዞባ ማይኮላይቭ - ዩክሬን ኣብ ዝርከብ ትሕተ ቅርጺ. ጸዓት ብምውቃዐን ምቁራጽ ጸዓት ከም ዘስዓበ ድማ፡ ሰብ መዚ. ናይቲ ከባቢ. ገሊጾም።

ሰራዊት ሩሲያ ብወገኑ፡ ካብቲ ዝነበሮ 27 ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ዩክሬን ኣብ ዞባታት ቤልጎሮድ፡ ቮሮነዝን ሮስቶቭን ከም ዘውደቐ ኣፍሊጡ።

እዚ ምልውዋጥ ናይ ኣየር መጥቃዕቲ፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ብዓርቢ. ዝገለጾ ን72 ሰዓታት ዝጸንሕ ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦ ድሕሪ ምእካሉ'ዩ ዝተዓደ ዘሎ።

ትራምፕ፡ እቲ ግዝያዊ ስምምዕ ናብ ነባሪ ስምምዕ ብምስግጋር፡ መፈጸምታ ናይ'ቲ ንኣርባዕተ ዓመት ዝቐጸለ ኩናት ዩክሬን ክኸውን ተስፋ ከም ዘለዎ ገሊጹ ምንባሩ ኣይርሳዕን።

እቲ ካብ 9-11 ግንቦት ቀጺሉ ዝጸንሐ ግዝያዊ ዕርቂ፡ ምስ ዝኽሪ ዓወት ሕብረት ሶቭየት ኣብ ልዕሊ. ስርዓት ናዚ. ዝጸንበለሉ ቅንያት እዩ እንተ ነበረ፡ ክልተኦም ወገናት ግን ንምጥሓስ እቲ ስምምዕ ኣመልኪቶም ንሓድሕዶም ክኸሱ ምጸንሖም ይፍለጥ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩሲያ፡ ሓይልታት ዩክሬን ኣብ ሓያሎ ዞባታት ሩሲያ ንዝርከቡ ሲቪላውያን ዒላማታት ከም ዘጥቅዑ፡ ኣብ ግንባር ኣብ ዝርከብ ወተሃደራዊ ቦታታት ሩሲያ እውን መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸሙን ድሕሪ ምግላጹ፡ ዩክሬን ብጠቕላላ ልዕሊ. 1000 ግዜ ነቲ ስምምዕ ከም ዝጠሓሰቶ ከሲሱ።



## ካምቦድያን ኣዘርባጃንን ዝምድናኣን ንምሕያል ይሰርሓ

ካምቦድያን ኣዘርባጃንን ክልተኣዊ ዝምድናኣን ዝያዳ ንምዕማቕ ትማሊ. ሰኑይ ኣብ ስምምዕ ከም ዝበጽሓ፡ ኣፈኛ ቀዳማይ ሚኒስተር ካምቦድያ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ. ኣፍሊጡ።

እዚ ስምምዕ ቀዳማይ ሚኒስተር ካምቦድያ ሁን ማኔን ወኪል ፕረዚደንት ኣዘርባጃን ኢልሃም ኣሊየቭን ኣብ ፍኖም ፔን - ካምቦድያ ኣብ ዘካየድዎ ኣኼባ እዩ ተበጺሑ።


ክልተኦም ወገናት፡ ካምቦዲያን ኣዘርባጃንን ኣብ ፖለቲካ፡ ቁጠባ፡ ንግዲ፡ ጸዓት፡ ቱሪዝም፡ ባህሊ፡ ትምህርትን ሕርሻን ዝርከብዎም ወሰንቲ ጽላታት ዘለወን ምትሕብባር ዝያዳ ንምሕያልን ንምስፋሕን ኣመልኪቶም ከም ዝተዘራረቡ፡ እቲ ጋዜጣዊ መግለጺ. ሓቢሩ።

እቲ ጋዜጣዊ መግለጺ. ወሲኹ፡ "ኣብ መንጎ ክልተኣን ሃገራት ዘሎ ዝምድና ንምሕያል፡ ዕድላት ወፍሪ ንምድህሳስን ክልተኣዊ ንግዲ ዝያዳ ንምስፋሕን ዝዓለመ ኣኼባታትን መድረኻት ንግዲን ንምውዳብ'ውን ተዘራሪብና" ክብል ወሲኹ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ሁን ማኔት፡ "ካምቦድያን ኣዘርባጃንን ንሓባራዊ ረብሓኣን ክብላ ኣብ ዝተፈላለዩ መዳያት ምትሕብባረን ንምስፋሕ፡ ሕጂ እውን ልዑል ዓቕሚ ኣለወን" ኢሉ።

ኣማሪርኒዬቭ ብወገኑ፡ ኣዘርባጃን ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ምስ ካምቦድያ ሽርክነታ ንምዕባይ፡ ብመገዲ ቁጠባውን ንግዳውን ምትሕግጋዝ ኣቢላ ሓድሽ ዕድላት ትድህስስ ከም ዘላ ገሊጹ።




## ሕ/ኤውሮጳ፡ ኣብ ልዕሊ. እስራኤላውያን ሰፋሮ እገዳ ኣጽዲቑ



ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ. ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ መበል 27 ዋዕላኦም፡ ብምኽንያት እቲ ኣብ ልዕሊ. ፍልስጤማውያን እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ ኢሰብኣዊ ተግባራት፡ ኣብ ልዕሊ. እስራኤላውያን ሰፋሮ ምዕራባዊ ገማግም ሓድሽ እገዳ ከም ዘጽደቑ ሓቢሮም።

ድሕሪ ምጅማር ኩናት ቓዛ ኣብ ጥቅምቲ 2023፡ ብወገን እቶም ሰፋሮ ዝፍጸም ዘሎ መጥቃዕትታት ወሲኹ ከም ዘሎ፡ ጸብጻብት ሕቡራት ሃገራት የመልክቱ።

እቶም ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕጊ ዘይሕጋውያን ዝኾኑ ሰፈራታት፡ ኣብ'ቲ ፍልስጤማውያን መሬቶም ምኻኑ ዝምጉቱሉን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር እስራኤል ዝርከብን ምዕራባዊ ገማግምን ምብራቕ ኢየሩሳሌምን እዮም ዝህልዉ ዘለዉ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ. ፈረንሳ ዣን-ኖኤል ባሮት፡ ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ልዕሊ. እቶም ኣብ ምዕራባዊ ገማግም ሰፈራታት ክደኩኑ ዝደግፉ ቀንዲ ውድባት እስራኤል እገዳ ከም ዘንበረ ገሊጹ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ. እስራኤል ጊዴዎን ሳኣር፡ እቲ ውሳኔ ፖለቲካዊ ድፍኢት ከም ዘለዎ ብምግላጽ፡ እስራኤል ኣብ ወሽጢ. ዓዳ እትገብሮ ዘሎ ምህናጽ ስፍራታት ከም እትቕጽሎ ኣፍሊጡ።

መንግስታት እስራኤል፡ እዞም ሰፍራታት ንኽስፍሑ ከተባብዐ ምጽንሖም ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ብፍላይ ቀዳማይ ሚኒስተር በንያሚን ናታንያሁ ኣብ መወዳእታ 2022 ናብ ስልጣን ካብ ዝምለሰን ውግእ ቓዛ ካብ ዝጀመርን ንደሓር፡ እዚ ምስፍሕፋሕ ብልዑል ናህሪ ከም ዝቐጸለ'ዩ ዝሕበር።

እስራኤል፡ ካብ'ቲ ኣብ 1969 ዝተኻየደ ውግእ ማእከላይ ምብራቕ ጀሚራ፡ ንምዕራባዊ ገማግምን ምብራቕ ኢየሩሳሌምን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ብምእታው፡ 700 ሽሕ ኣይሁዳውያን ዝሓዙ 160 ሰፈራታት ሃኒጻ ትርከብ።

ገለ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ካብ'ዞም ስፍራታት ዝመጽእ ንግዳዊ ፍርያት ናብ ዓደን ከይኣቱ ንምእጋድ ደጋፍ እኳ እንተ ሃለዋ፡ ክሳዕ ሕጂ ግን ኣብ ሓባራዊ ስምምዕ ክበጽሓ ኣይከኣላን ዘለዋ።

## ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ. ውልቀ ሰባትን ኩባንያታትን እገዳ ኣንቢራ

መንግስቲ ኣመሪካ፡ ትማሊ. ሰኑይ ኣብ ልዕሊ. ሰለስተ ውልቀ ሰባትን ትሸዓተ ኩባንያታትን እገዳ ከም ዝንበረ ኣፍሊጡ።

እቲ እገዳ 4 ኣብ ሆንግ ኮንግ፡ 4 ኣብ ሕቡራት ኢ.ማራት ዓረብ፡ ሓንቲ ድማ ኣብ ዖማን ኣብ ልዕሊ. ዝመደበረን ኩባንያታት እዩ ተኣቢሩ ዘሎ።

እዘን ኩባንያታት፡ ኑዳዒ ካብ ኢራን ናብ ቻይና ክልእካ ጽዒሐን ብዙበል ክሲ. ከም እተኣገዳ ድማ፡ ክፍሊ. ግምጃ ኣመሪካ ሓቢሩ።

እዚ እገዳ ድሕሪ'ቲ ዝሓለፈ. ዓርቢ. ኣብ ዕድጊ. ሰብ ኣልቦ ነፈርትን ባሊስቲካዊ ሚሳይላትን ኢራን ሓጊዞም ኣብ ልዕሊ. ዝተባህሉ ውልቀ ሰባትን ኩባንያታትን ዝተኣወጀ እገዳ'ዩ ዝሰዓብ ዘሎ።

'ጎልደን ግሎብ' ክፍሊት ክፍጽሙ ምጽንሖም፡ እቲ ክፍሊ. ወሲኹ ሓቢሩ።

ጸሓፊ ክፍሊ. ግምጃ ኣመሪካ ስኮት በሰንት፡ ምምሕዳር ትራምፕ፡ መንግስቲ ኢራን ነቲ ክለሰያዊ መደብኡ ንምጒንዳብ ወይ'ውን ኣብ'ቲ ዞባ ንዝርከቡ ወኪላቲ ደገፍ ንምሃብ እገዳታት ክጥቀመሉ ምኻኑ ገሊጹ።

"ክፍሊ. ግምጃ ኣመሪካ፡ እስላማዊ ስርዓት ኢራን፡ ገበነ ሽበራዊ ተግባራት ንምፍጻምን ዓለማዊ ቁጠባ ንምህዋኽን ዝጥቀመሉ ፋይናንሳዊ መርበብት ምቁራጽ ክቕጽል'ዩ" ክብል በሰንት ኣረጋጊጹ።

ክፍሊ. ጉዳያት ወጻኢ. ኣመሪካ ብወገኑ፡ ብዛዕባ ፊናንሳዊ ኣግባብት ናይ'ቲ ኣብ ዝርዝር ግብረ ሽበራውያን ትካላት ዝሰፈረ



እቶም ብኣመሪካ እገዳ ዝተኣበረሎም ሰለስተ ውልቀ ሰባት ድማ ኣብ ዋና ቤት ጽሕፈት ኑዳዒ ሓለዋ ሰውራ ኢራን (ሻሂድ ፑርጃፋሪ) ዝሰርሑ ኮይኖም፡ ብመንገዲ ሓለዋ ሰውራ ኢራንን ጨናፍራቱን ኣመልኪቱ ኣገዳሲ. ሓበሬታ ንዝሃበ ኣካል፡ ክሳብ 15 ሚልዮን ዶላር ከም ዝሽልም ኣፍሊጡ ኣሎ።

ተረኛ ፋርማሲ. | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ.
ፋርማሲ. በራኺ. | 13/5/26 | ከባቢ. ፊያትታሊሮ ፊት ቶታል መዐደሊ. ነዳዲ. | 07147264
ፋርማሲ. ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　ቁ.ቴሌፎን 127565